# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 23 ዓመት ቁ. 358 24 ነሓሰ 2014 ገጻት 8 ዋጋ 1.00 ናቕፋ

ሰንበት


ገጽ 3
ንዓናይ እሞ . . .

ገጽ 4
ተኸላ ከተማ


ገጽ 5
ኤክስፖ ከም ባይታ ፈጠራ



ገጽ 6
"ኪሚካት ጥራይ ተጠቒመ'የ . . .



ገጽ 7
ኣርን ደብረጼን - ኣብ ሓደ ኣህጉራዊ ውድድር ሸዱሽተ ግዜ ኣብ መድረኽ ዕወታት ዝደየበ ተቀዳዳማይ




# "ባህሊ፣ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን" ብዝብል ቴማ ብዝተፈላለየ ንጥፈታት ክካየድ ዝቖየ ሃገራዊ ፈስቲቫል፡ ንዕወታት ብምሽላም ብድምቀት ተዛዚሙ

"ባህሊ፣ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን" ብዝብል ቴማ ካብ 16 ነሓሰ ኣብ ኣስመራ - ቀጽሪ ኤክስፖ ብውዕወዕ መንፈስ ክካየድ ዝቖየ ሃገራዊ ፈስቲቫል 2014፡ ኣብ ዝተፈላለየ ምርኢታትን ውድድራትን ንዝተዓወቱ ዞባታትን ውልቀሰባትን ሽልማት ብምዕዳል ለሚ 23 ነሓሰ ምሸት ብወግዒ ተዛዚሙ።

ኣቦ-ወንበር ሚኒስተራት፡ ኣመሓደርቲ ዞባታት፡ ላዕለዎት ሓለፍቲ ህግደፍ፡ ኣዘዝቲ ሰራዊትን ወከልቲ ዞባታትን ዕዱማት ኣጋይሽን ዝተረኽብሉ ስነስርዓት፡ ኣቦ-መንበር ሃገራዊት ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ለሚ ዓመት ልዕሊ 50 ትካላት ከምእተሳተፉ ጠቒሱ፡ "እቲ ዝዓበየ ቁምነገር ግን ልዕሊ ቁጽርን ጽባቐን ዝኸይድ ጭውነት ህዝቢ'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ ኑቶም ንኹሉ ዝበረ ድኻሞት፡ ሕጽረታትን ጸቕጢ ሰራሕን ተጻዊሮም ብወህደትን ምርድዳእን ብዘወፈይኦትን ሰናይ ድልየትን ቅንያት ፈስቲቫል ዕወት ንክኸውን ዝጸዓቱ ኩሎም ኣመስጊኑ።

ብድሕሪኡ፡ ኣብ በበይኑ ዓውድታት ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ንዝተዓወቱ ንምሽላም ክካየድ ብመሰረት ዝቖየ ናይ ምምጓይ መስርሕ፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመታት ካብ ዝፈረዩ ደርፍታት - "ልክዕ ከምቶም ገድሊ" እትብል ብድምጻዊ ቶማስ ኣልኣዛር ዝተደርፈት ደርፊ ቀዳመይቲ ኮይና ክትሽለም እንከላ፡ ብኣፋዊ ያታ ዞባ ዓንሰባ፡ ብቅሽት ዞባታት ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብድኩዓ ኣባይትን መቑበርን ጋሹባርኻ፡ ብያታዊ ትልሂትን መዚቃን ዞባ ደቡብ ቀዳሞት ኮይነን ክሽለማ እንከለዋ፡ ኣብ ምህዞን ሰንዓን፡ ኣብ ዘመናውን ያታውን ስፖርት፡ ቅብኣን ቅርጻን ኢደ-ጥበብ፡ ቅርጻን ካልእን ከካብ ምደብም ቀዳሞት ኮይናም ዝተዓወቱ ሽልማት ክዕደል እንከሎ፡ ብሓፈሻ ዞባ ደቡብ ንብለል ያታዊ ስፖርት ብምኳን ተዓዊታ።

ዕወታት ድማ ካብ ሚኒስተር ህንጻ ኣቶ ኣብርሃ ኣስፍሃን ሚኒስተር ቱሪዝም ወይዘሮ ኣስካሉ መንቆርዮስን ዝተዓደለሉም ሽልማት ተቐቢሎም።

ኣብ'ቲ ንትሽዓተ መዓልታት ዝቖየ ፈስቲቫል ዝቖረበ ንዓቕሚ መንእሰያት ኣብ ምህዞን ምስናዕን ኺኢላ ኣገልግሎታት ትምህርቲን ጥዕናን ምስ ንጥፈታት ትካላት መንግስቲ ብሓፈሻ ሚኒስትርታት ሕርሻ፡




ሃብቲ ባሕሪ መጻዓዝያን መራኸቢታትን ድማ ብፍላይ ዘለለ፡ ከምኡ'ውን ንብዝሕነት ህዝቢ ኤርትራን ኣብኡ ዘሎ ስጡም ሰቲትን ሓድነትን ጸባቐ ባህልን ልምድን ሕብረተሰብና ንሓያል መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውቃሮን ወጻእን ዘጸብርቐ ትሕዝቶ ክቐርብ እንከሎ ብጋድያን ልዑል ኣድናቖት ረኺቡ።

# ህዝቢ ኣብ ምምካት ተርእዮ ገበናትን በደላትን ኣጥርይዎ ዘሎ ንቕሓት ብዝሓየለ ክቕጽሎ መዘኻኸሪ ቀረበ

ህዝቢ ኣብ ምምካት ተርእዮ ገበናትን በደላትን ኣጥርይዎ ዘሎ ንቕሓት ብዝሓየለ ክቕጽሎ፡ ኣዛዚ 3ይ መደበር ፖሊስ ዞባ ማእከል ተለንተ ዛይድ ተስፋዝጊ ምስ ነበርቲ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ኣብ ዝገበሮ ርክብ ኣዘኻኺሩ።

ተለንተ ዛይድ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንህዝቢ ብቐጻሊ ዝወሃብ ኣስተምህሮ ኣብ ምዕባይ ኣፍልጦ ሕግን ትግባረኡን ዓቢ ተራ ከምዘለዎ ጠቒሱ፡ ወለዲ ኣብ ምኽባር ክብሪ ባህልን ስነምግባርን ኣተኩሮም ደቆም ኣብ ምምእዛን ኣበርቲዖም ክሰርሑ ጸዊዑ።

ስጡም ርክብ ፖሊስን መሻርኽቱን ከምኡ'ውን ቅልጡፍ ሓበሬታ ናይ ህዝቢ፡ ኣብ ምውሓስ ጸጥታ ከባቢ ዘለዎ ግደ ልዑል ምዃኑ ብምሕባር ድማ፡ ፖሊስ ብዘይ ናይ ህዝቢ ምትሕብባር ኣድማዒ ስራሕ ክሰርሕ ከምዘይክእል ብምምልካት፡ ምትሕብባሩ ብዝሓየለ ክቕጽሎ ኣተሓሳሰበ።

ኣመሓዳሪት ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ወይዘሮ ደሃብ ተስፋይ ብወገኖ፡ ምውሓስ ጸጥታ ከባቢ ፖሊስ ንበይኑ ክካየዶ ስለዘይክእል፡ ህዝቢ እቲ ዕማም ንረብሓኡ ምዃኑ ተገንዚቡ፡ ቅልጡፍን እዋናውን ሓበሬታ ኣብ ምሃብ ክሰጥፍ ብምዝኽኻር፡ ንቕሓቱ ኣበርቲዑ ተርእዮ ገበናት ኣብ ምንካይ ጻዕሩ ክዛይድ ተላብዩ።

ሓያል ህዝቢ ሓያል ፖሊስ ከምዝፈጥር ዝሓበረ ጸሓፊ ህግደፍ ኣብ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ኣቶ ተኽለብርሃን ኣርኣያ ድማ፡ መንግስትን ህዝብን ኣብ ህንጻት ሃገር ተዋፊሮምሉ ኣብ ዘለዉሉ እዋን፡ ኑቶም ካብ ባህልን ስነምግባርን ወጻኢ ጸጥታ ከባቢ ንምዝራግ ዝንቀሳቐሱ ንምቁጽጻር፡ ዝጸንሐ ወህደት ክሕየል ኣዘኻኺሩ።

# ኣብ ከተማ ከረን፡ 65 መንእሰያት ብቐዳማይ ረድኤት ሰልጢኖም

ሃማመተኤ ጨንፈር ንኡስ ዞባ ከረን፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ቅድሚ ሕጂ ክህቦ ዝጸንሐ ስልጠናታት፡ ንሳልሳይ ግዜኡ 65 መንእሰያት ንሽዱሽተ ወርሒ ብቐዳማይ ረድኤት ኣሰልጢኑ።

እቲ ብጉበርን ክልሱሓሳብን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ንኡስ ዞባ ከረን ብምትሕብባር ከምእተኻየደ፡ ዘጥርይዎ ሞያ ድማ ኣብ ዕለታዊ ሂወቶም ጥራይ ዘይኮነ፡ ንህዝቦም ዝሃብዎ ኣገልግሎት'ውን ብቐሊል ዝጥመት ከምዘይኮነ፡ ኣብ'ቲ ናይ ምምራቕ ስነስርዓት ተገሊጹ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ ንኡስ ዞባ ከረን መንእሰይ መለስ ወልደገርገስ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ሃማመተኤ ብኽእለትናኡ ብቐዕ መንእሰይ ንምፍራይ ቀዳምነት ሰሪዑ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ሰልጠንቲ ቀሲሞምዎ ዘለው ሞያ ዘሰክሞም ሓላፍነት ተገንዚቦም፡ ብቕንዕናን ተወፋይነትን ከገልግሉን ዓቕሞም ንምዕባይ ክጽዕሩን ኣዘኻኺሩ።

ተመረቕቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶ፡ ዝቐሰምዎ ስልጠና ኣብ ሂወቶም ዝሕግዞም ሞያ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ብስራሕ ከማዕብልዎ ቅሩባት ምዃኖም ኣረጋጊጾም።

ንሳቶም ወሲኾም፡ ዝተመሃርዎ ሞያ ክሰርሑሉ ዘለዎም ድሌት ልዑል ምዃኑ ብምሕባር፡ እንተዘይሰርሑሉ ትርጉም ስለዘይህልዎ፡ ዝሰርሑሉ ባይታ ክጣጠሓን ንዝለዓለ ስልጠና ዕድል ክህቦምን ተላብዮም።

# ሰንበት ምስ ተማሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## 10፤ ንህይወት ወዲ ሰብ ጸለውቲ... ... ዝኾኑ ስነ-ፍልጠታዊ ኣምራት

ካብ ስድራቤት እንስሳ ሓንጎሉ ኣጸቢቑ ክጥቀመሉ ብምኽኣሉ ነጊሱ ዝርከብ ሰብ እዩ። ፈኸም እናበለ ካብ ናብራ ኣራዊትን ሰበኽ ሲጋማዊ ህይወትን ተገላጊሉ ኣብ ሓደ ቈይሙ ክነብር ተላመደ። በብዝጥዕሞ ዓውዲ እናነጠፈ ከኣ ህይወቱ ክመርሕን ቀጻልነቱ ከውሕስን ክኢሉ። ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ እናተበለሓተ ናብ ሓደ ዝተረጋግአ መስመር ናብራ ረጊጹ።

ካብ 17 ክፍለ ዘመን ጀሚሩ ግን ናህሩ ክውስኽ ተራእዩ። ኣናብራ ወዲ ሳብ ኣብዞም ዝሓለፉ ክልተ ሰለስተ ዘመናት ዝተራእየ ለውጢ ሜላ ኣናብራ ወዲ ሰብ መረጋገጺ እዩ። ስልጠነ ግዝኣታት ኣዝዩ እናዓበየ፡ ነናቱ ፍልስፍና፡ ፍልጠት፡ ጥበብን ካልእን ኣማዕቢሉ። ሰብ ንኹሉ ኣብ ከባቢኡ ዝርከብ ነገራት ክግንዘቦ፡ ክመራርመረሉን ክፈልጦን ጸዒሩ። ኣብ 18ን 19ን ክፍለ-ዘመን ድማ ንኹሉ ፍልጠት እዛ ዓለም መሰረት ዝኾኑ ሓሳባት፡ ፍልስፍናታት፡ መርምራት፡ ምህዞታትን ርኽበታትን ተራእዮኦም። ኣብ ዝሓለፉ ክልተ ሕታማት እዚ ዓምዲ፡ ንኣርባዕተ ተርጋእቲ ሓሳባት ናይ ጥንታውያን ደቂ-ሰብ ጠቒስና ኔርና። እዞም ሕጂ ዝስዕቡ ክልተ ከኣ ነቲ ድሒሩ ሰብ ዘንቀሎ ኣገደስቲ ስነ-ፍልጠታዊ ተርጋኢ ኣምራት ክንርኢ ኢና፤

### 5. ርስሓት ዝእለየሉ ኣገባብ



ጽሬት ኣደ ጥዕና ክብሃል ንሰምዕ ኢና። ጥዕና ከኣ ህይወት እዩ። ጥዕና ዋሕስ ህላወ ህይወትና ካብ ኰነ ከም ሕቶ ቀጻልነት ወዲ ሰብ ክጥመት የኽእሎ። ንሕማም ካብ ዘቃልዑና ሓደ ረቛሒ ከኣ ርስሓት እዩ። ወዲ ሰብ ርስሓት ዝኣልየሉ ጥቡብ ከማዕበል ምኽኣሉ፡ ከቕጽልዎ ካብ ዝኽእሉ ነጥቢታት ሓደ ክኸውን ኣኽኢሉዎ ይርከብ። ሓደ ናይ ብርጣንያ ሕክምናዊ ጆርናል ንሓደ ጉጅለ ክኢላታትን ኣንባብቲን፡ “ኣብዚ 150 ዓመታት ዝተራእየ ዝዓበየ ስነ-ፍልጠታዊ ምዕባለ እንታይ'ዩ?” ክብል ሕቶ ኣቕሪቡ። እቲ መልሲ ልቢ ቀሊዕካ መጥባሕቲ ምግባር ወይ ሞባይልካ ምስ ጠፋኦት ቢታ ቍጽሪ ዝሰረቐካ “መሲጅ” ዝለኣኽልካ ቴክኖሎጂ ዝተራቐቓ ሞባይላት ኣይነበረን። ዝያዳ ርኽበት ጸረ-ነፍሳትን መደንዝዘዝን ዝዓበየ ድምጺ ዝረኸበ ጥንቃቐን ሓለዋን ጽሬት (sanitation) እዩ።

ስሩዕ መእለዪ ወይ መጉሓፊ ቀልቀልን ሽንቲን ንሃዊሕ ዓመታት ዝተፈልጠ ኣገባብ እዩ። ንገለናኳ ካብ እንወለድ ዝጸንሓና ኣገባብ ስለዝኾነ ኣብ ቀዳሞት ወልዶታት እንታይ ይመስል ነይሩ ኣይንግዝዘቦን ንኸውን። ቀልቀልካን ሽንትኻን ማይካን ኣርሒቕካ ከም ዝንሓፍ ክፈልዩ ዝኽእሉ መዓስ ይመስለኩም? መጀመርታ ዝነበሩ ሰብ ንቕድሚኦም ኣብ ዝረኸቡዎ ደገ ይወጽኡ ነይሮም ይኾኑ። ኣብ ሓደ ቦታ ተደኲኖም ምንባር ካብ ዝጀምሩ ግን እዚ ልምዲ ከንብሮም ዝኽእል ኣይነበረን። ሽሕ'ኳ ርስሓት (ብሓፈሻ) ዝእለየሉ ኣገባብ ካብቶም ተርጋእቲ ስነ-ፍልጠታዊ ሓሳባት ክኸውን ዘኽኣሎ ኣብ ዝሰልጠነ ወለዶ ወዲ ሰብ እንተኾነ፡ ካብ ጥንቲ ኣጉዳስነቱ ኣዝዩ ዓቢ እዩ። ኣብ ማዕከናት ዜና ሃገርና ኣብ ብዙሓት ዓዲታት ዞባ ዓንሰባ፡ ጋሽ ባርካን ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕርን ብወፈራ ዓይኒ ምድሪ ከም ዝተሰርሐን ኣገባብ ኣጠቓቕማኡ ኣስተምህሮ ከም ዝተዋህበን ሰሚዕና ንኸውን። እቶም ክንርእዮ ዕድል ዝረኸብናዎን ብኣካል ርኢናዮ ንኸውን።

ሓደ እዋን ኣብ ቪክቶሪያ - እንግሊዝ - ጋዜጠኛን ጠቢቓን ዝነበረ ኤድዊን ቻድዊክ፡ ነቲ ኣብታ ዓዲ ብኹሉ ብዝጠዓሞ ዝኾነ፡ ዝፈሰሰን ዝንሕፍን ዝነበረ ርስሓት፡ ጠንቂ ሓማማት ቲፎ፡ ውጽኣት፡ ኢንፉለንዛን ካልኦት ጀርሚታትን ክኸውን ከም ዝኽእል ገሊጹ። ንኹሎም እዞም ሕማማት ንምውጋድ ከባቢኦም ብጽሬት ክሕዙን፡ ደረቕ ርስሓት ዝንሓፈሉ ቦታ ክፈሊ፡ ረሳሕ ማይ ብስቱር ዝሓልፈሉ መገዲ ክፍጠር ጸዊዑ። ካብዚ ብምብጋስ ጥዕና ብዙሓት ህዝቢ ከም ዝተሓለወ ይገልጽ። ቻድዊክ ረሳሕ ማይ ዝሓልፈሉ ሃይድሮሊክ መስርሕ ብምቕያስ፡ ከምኡ'ውን ዝተኸዘ ማይ ዝምጠጠሉ ቱቦታት ኣዳልዩ ንመስርሕ ቀሪቡ።

ርስሓት ዝእለየሉ ኣገባባ ኣብዚ ግዜ ብልክዕ ኣብ ኩሉ ዓለም ብምሉእ ኣይተማልአን ዘሎ። ኣብተን ገና ዘይማዕበላ ሃገራት ጽፉፍ ስርዓት መእለዪ ርስሓት ኣይርከባን እዩ። እዚ ንብዙሓት ዘይማዕበላ ሃገራት ሓደጋ ቅሉዓት ይገብረን። ሓደ ቢልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም፡ 15 ሚእታዊት ምኳኑ'ዩ፡ ኣብ ቅሉዕ ቅርዓት ደገ ይወጽእ። 2.4 ቢልዮን ከኣ ገና ዘይማዕበለ ኣገባብ ይጥቀሙ።

(ምንጪ፡ Katz. + WHO/ UNICEF.)

## ዝመሃዝ ተወዲኡ ድዩ? ኣብ ፌስቲቫል ዝቐርቡ መሃዝቲ ደኣ...!?

ሃገራዊ ፌስቲቫል ኤርትራ 2014 ሎሚ ክዛዘም እዩ። ኣብዚ ፌስቲቫል ምህዞን ሰንዓን ሒዞም ዝቐረቡ ካብ ኩለን ዞባታት ዝመጽኡ ተማሃሮ ማእከላይ ካልኣይን ደረጃን መጺኦም ነይሮም። ዓመት መጽአ ኣብ ቅርዓት ኤክስፖ ዝተፈላለዩ ምህዞን ሰንዓን ንርኢ ኢና። እዚ ዝምልሰልና ሓደ ሕቶ ኣሎ።

ዝምሃዝ ተወዲኡ ድዩ?

ኣብዛ ዓለም ብሕጂ ዝምሃዝ ከም ዝተወድአ፡ ሓድሽ ፍልጠትን ርኽቦትን ከም ዘየለ ገይሮም ዝርድኡ ሰብ ኣጋጢሞምኹም ይኾኑ። ኣብ ቤት ትምህርቲና እንምሃሮ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ጽሑፋት እነንብቦ ዛንታ ምህዞታት ምህዞ ክውዳእ ከም ዘይክእል እኹል መረዳእታ ክህቡና ይኽእሉ እዮም።

መንዩ ዝምህዝ?

እቲ ዝምህዝ ሰብ ከመይ ዝበለ እዩ... ኢልና ክንምልስ ቀሊል ዘይከምስል ይኽእል እዩ። ግና እዞም ውሑዳት ሕቶታት እንተ መሊስናዮም ሓደ ኣምር ክንሕዝ ንኽእል ኢና።

- እዞም ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ ምህዞኦምን ሰንዓኦምን ሒዞም ዝቐርቡ መማህርትና ከመይ እዮም?
- ካብ ርእስና ዝዝዝፍ ርእሲ ኣለምም ድዩ?
- ሃብታማት ድዮም ኲይኖም ድኻታት?
- ኣብ ፍሉይ ቤት ትምህርቲ ድዮም ዝምሃሩ?
- ፍሉያት ዓሌት ወዲ ሰብ ድዮም?

ነዚኣን ሕቶታት ብውሑዱ ምስ መለስና ኩሎም ክምህዙ ዝጽዕሩ መማህርትና ይኹኑ ካልኦት ከማና ምዃኖም ክርደኣና እዩ። ንሕናውን ክንምህዝ ንኽእል ኢና። ዝምሃዝ ነገር የለን ኢልና ኢድና ከነጣምር ኣግባእን። እዞም ንዓለም ዝቐየሩ መሃዝቲ መብዛሕትኦም ኣብ ግዜ ንእስነቶም ንዝተቐልቀሎም ሕቶታት መልሲ ንምርካብ እዮም ሓደስቲ ነገራት ክምህዙ ክኢሎም። እዞም ኣብ ኤክስፖ ምስ ምህዞኦም ዝቐረቡ መሳቱና ከኣ ነቲ ኣብ ናብራኦም ዝረኣዩ ምኽንያት ዘይረኽቡሉ ነገራት ክምልሱ ሓደስቲ ምህዞታት ወይ ሰንዓታት ሒዞም ቀሪቦም።

ክትምህዙ ትደልዩ'ዶ?

ከመይ ጌርካ ክትምህዝ ትኽእል ኢልካ ምሕሳብ ክብል ይብል እኸውን እዩ። እዞም ዝስዕቡ ሽዱሽተ ነጥቢታት ንርእሞ ክቐለልና እዩ።

1. ሕሰብ - ክሀሉወካ እትደልዮ ዝጸብቐ ነገር ሕሰብ። ንናብራናኻን ከባቢኻን ተዓዘቦ። ህይወት ከባቢኻ ክቐልል እንታይ ክሀሉ ነይሩዎ ኢልካ ሕሰብ።

2. ከባቢኻ ተዓዘብ - ንከባቢኻን ዘለካ ነገራት ኣዕሚቝካ ክትዕዘቦም ፈትን። እቶም ትፈትዎም ነገራት ጸቡቕ ጌርካ ተዓዘቦም። እንታይ ኩተማሕይሽሎም ትኽእል ሕሰብ። ንምንታይ ከም ዝጠቕሙኻ ምስ ፈለጥካ፡ ንሓደ ፈቲንካዮ ዘይተፈልጥ ነገር ከመይ ጌርካ ክትጥቀመሎም ትኽእል ሕሰብ። ምስ ካልኦት ነገራት ሓዊስካሽ? ባዕሊኻ ወስን።

3. ነቲ ዝሓሰብካዮ ሰኣሎ - ብዛዕባ ምህዞኻ ኣዚኻ ተመሲጥካ እንተ ደኣ ኣለኻ ኣርቂቕካ ኣብ ወረቐት ሰኣሎ።

4. ውሕስነቱ ኣረጋግጽ - ሓደ ነገር ክጠቕመካ ዝኽእል ምህዞ ምስ ሓሰብካ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዘለው ህይወታውያን ይኹኑ ዘይህወታውያን እንታይ ጽልዋ ኣለዎ ኣለሊ። ናይ ጥዕና ጸገም ዝፈጥ ድዩ ኣይኩነን መርምር።


5. ምህዞኻ ብኸመይ መገዲ ከም ዝሰርሕን ከም ዝስራሕን ኣጽንዕ - ኣብ መጽናዕቲኻ ዕቱብ እንተ ደኣ ኣለኻ፡ ዝመሃዝኮዮም ነገራት ልክዕነቱ መርምር እምበር ኣይትገምት። ንካልኦት ምህዞታት ብምጽናዕ ምንቕቓት ክትዕቢ ትኽእል ኢኻ። ንዕኡ ኣብኡ ብምውሳድ ከመይ ጌርካ ከም ዝፍተን ተማሃር።

6. ሕልሚኻ ባዕሉ ክኸውን ኣይትጸበ፡ ተበገስ - ፍጹም ተስፋ ኣይትቑረጽ። ሕልሚኻ ንምዝዛድ መሬት እናለሓስካ ደኣ ኪድ እምበር ተስፋ ኣይትቑረጽ። ተስፋ ከይሓዝካ ዝብጻሕ ነገር የለን። ሓገዝ ኣብ ዘድሊየካ ከኣ ከይተሰከፍካ ሕተት።

### 6. ምጽራይ ማይ

ሕብረተ-ሰብ ኤርትራ ኣብ ማይ ዘለዎ ኣጠማግምታ ካብ ቅድሙ ስልጥን ዝበለ እዩ። ኣገዳስነት ማይ ንህዝብና ዓቢን ናይ ህይወት ሕቶ ምኳኑን ናብራና ስለዝኾነ ነጋሪ ኣየድሊየናን። ግን ዝተጻረየ ማይ ዝሰቲ ቍጽሪ ህዝብና ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ። ኣብ ርሑቕ ገጠራት ሃገርና ዝነብሩ ህዝብና ማይ ብቡንባ ክሰትዩ ዝበቕዑ ኣብ ዜና ንሰምዕ ወይ ነንብብ ኢና። ዝያዳ እቲ ንኽትወርዶ ትጓዕዞ ጉዕዞ፣ ትደኽሞ ድኻም፣ እተጥፍኦ ግዜ ክፍወስ ምኽኣሉ ግን፡ እቲ ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ክትረክብ ምኽኣል ይዓቢ። ስለዝኾነ ኣብ ብዙሕ ከባቢባታት ካብ ዒላ ማይ ምቕዳሕ ተሪፉ፡ ማእከላይን ዝቐረበን ቡንባ (መዐደሊ ማይ) ዝዳሎ ዘሎ። እተን ገና ማይ ቡንባ ዘይበጽሓን ከኣ ጥራተን ዘስትያሉ ካብቲ ንጎሮረአን ዝሰትያሉ ከም ዝፈልይኦ ዝተገብረ።

ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ንዝተፈላለዩ ሕማማት ከስዕን መዓናጡን ከቃልዕ ይኽእል። ኣብ ዘይተጻረየ ማይ ዝርከቡ ብዙሓት ታህዋስያን ኣለው። በዚኦም ኣቢሉ ዝፍጠር ዝተፈላለየ ሓማማት ድማ ኣሎ። ገለ ካብዚ ሕማማት ተላባዒ ብምዃኑ ከኣ ንብዙሓት ሰብ ኣብ ሓጺር ግዜ ክጥቅዖም ይኽእል። ውዱብ ጥዕና ዓለም ኣብ 2005 ብዘሃቦ መግለጺ መሰረት፡ ኣብ ዓለም ጠንቂ ሕማማ ካብ ዝኾኑ ምኽንያታት እቲ ቀዳሚት ዝስራዕ ጽሬቱ ዘይተሓለወ ማይ ምዃኑ ይነግር። ዓመታዊ ብሰሪ'ዚ 3.4 ሚልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም ንሞት ይቃልዑ።



ካቡቲ ብኮናትን ግብረሽበራን ዝመውት ሰብ ብተዓጻጻፊ ኣዝዩ ዝበዝሐ ቍጽሪ እዩ። በዚ ቀዲሞም ዝጥቅዑ ህጻናትን ቈልዑን ኣረገውቲን እዮም።

ኣብ ዝማዕበላ ሃገራት ኣብ ገለ እዋን ብዝፍጥር ጸገማት ጽሬቱ ዘይተሓለዋ ማይ ዝሰተዩ ኣሽሓት ሰብ ብውጽኣት ተጠቒዖም ናብ ሞት ዘምርሑ ኣለው። ብ1854 ኣብ ዓባይ ብርጣንያ ብዝተላብዐ ውጽኣት ብዙሓት ሰብ ክሞቱ ክኢሎም። ብርጣንያዊ ስነ-ፍልጠተኛ ጆን ስኖው፡ ነዚ ጠንቂ ሞት ዝኾነ ነገር መጽናዕቲ ኣካየደሉ። ረሳሕ ማይ ናብቲ ዝስተ ማይ ብምሕዋሱ ከም ዝተላዕለ ፈለጠ። ካብዚ ብምጋስ ክሎሪን ኣብ ማይ ምሕዋስ፡ ነቶም ታህዋስያን ክቐትሎም ከም ዝኽእል ሓሳብ መጽአ። ማይ ከጻርዩ ዘይክእሉ ህዝቢታት ክሳብ ሕጂ ክሎሪን ይጥቀሙ ኣለው። በዚ ጠንቂ ዝመጽእ ዝነበረ ሓማም ከኣ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናጐደለ መጺኡ። ድሒሩ ብዝማዕበለ ኣገባብ ምጽራይ ማይን ከሚካልን ምሉእ ብምሉእ ጽሩይ ማይ ዝሰትያ ሃገራት ዓለም ብዙሓት እየን። ጽሬቱ ዝተሓለወ ማይ ህይወት ብምዃኑ፡ ቀጻልነት ወዲ ሰብ ኣብ ሕቶ ማይ ይምርኰስ እዩ።

(ምንጪ፡ Lenntech. + Encyclopaedia Britannic. + VOA.)


## መዓልታዊት ጋዜጣ

**ኣሰናዳኢ**

ሳምሶን ሃይለ
ቍ.ስ 116266/201820(2220)

**ም/ኣሰናዳኢ**

ብንያም ፍስሃጽዮን
ቍ.ስ 201820(2212)
ፋክስ 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቍ.ስ. 200454 - 07121322

**ምልክታ**


ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

**ለይ-ኣውት**

ኤደን ሃብተኣብ
ነብያት ጺጋይ

ሳምራዊት መለስ
ምስጋና ተዓገስ






# ንዓናይ’ሞ . . .

ሌይላ ኻልድ

ሰላማት ዝወደይ፡ መንእሰይ ድዩ ስምካ ሓቀይ? ደሓን መንነትካ ኣይተውጽእ፡ ኣብዚ ሽባብ ዝብል ታቤላ ዘለዎ ቦታ ብምምጻእካ ጥራይ መንእሰይ ኢኻ። በል ሕልፊ ካልእ ዝምልከተካን ዝብጽሓካን ዕድመ ዘየድልዮ ውራይ ኣሎ’ሞ ምሳይ ክትከይድ ሰዓበኒ። እንታይ ውራዩ’ዶ ትብል ኣለኻ? ሎሚ ንግደት ዓድና እዩ። ንግደት ደኣ ካብ መዓስ ሕልፊ ካልእ ይምልከተኒ ኢልካ ኣይትገረም፡ ትሕዞ ዘየካወንኩ ኢልካ’ውን ኣይትሰኸፍ። ንግደት ኩሎም መልኣኽትን ነቢያትን’ዩ። ቅድሚ ሎም ዘይተጸንበርካዮ ውራይ’ውን ኣይኮነን። የግዳስ ሎሚ ክምህረካ ዝደለኹ ወግዒ ስለዘሎ እዩ’ሞ ተበገስ; ካብ እግረይ ኣይትትረፍ። ምናልባት ንንግደት ጸበል ክትጥዕም ጥራይ እተላግስ እግረ መንገደኛ ከይትኸውን’የ ሰጊአ። ምናልባት ካብቶም ስራሕ ውዒሎም ምስ ኣዕሩኽቶም ንዘናግዑ ኤክስፖ’ዶ ንተኣለ ተባሂሎም ዝኸዱ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ወይ’ውን ብርክኻ ዝተኸልካ እንተኾንካ ኣተኻ ወጻእካ ደቅኻ መዓስ ኢኻ ኤክስፖ ትወስደና ኢሎም ስለዝረበሹኻ ነቒልካ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ምናልባት ድማ ምስ ኣፍቃሪትካ ለውጢ ክኾነኩም ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ ስለዝተቋጸርኩም ተጸንቢርካዮ ክትከውን ትኽእል።

ሕጂ ንዓናይ’ሞ ዘርእየካ ኣለኒ።

በል እነሀልካ፡ ኣፍንጫኻ ዝሰርንቕ ውነኻ ዝናፈቕ ሽታ ባህልኻ ሃገግ ይብል፡ ጽቡቕ ጌርካ ኣስተንፍሶ። ኣቦታትካ መስርሕን፡ ጻዕርን፡ ጥበብን ኣብ ዘመናት ሓሊፎም ዘማዕበልዎ ያታ ተቛደሶ። ኣይሓደሰካን ይኸውን ግና ብልቢ ተላበሶ። ንውሕልነቶም ኣድንቆ፡ ንልቦናኦም መርቆ። ናውቶም ንመዕበይትኻ ዘዕበየ እዩ’ሞ ክሳብ ዘለልየካ ኣለልዮ። ጋን ዝኾነካ ጥልቕ ኢልካ ሕተት። ጽባሕ ሓታቲ ዘይኮንካ ተሓታቲ ምዃንካ እናዘከርካ ኣጽንዓዮ። እዞም ኣብ ቅድሜኻ ዘለዉ ኣያታት ባህሊ ጽባሕ ከውሒ ገልቢጥካ ኣይክትረኽቦምን ኢኻ። እታ ወቕቲ ሕጂ እያ። እታ በትሪ ጸሪቦምን ወቒሮምን የረክቡኻ ኣለኹ። ስለዚ ሰንኮፍ ኣይኹን ኣታሕዛኻ። ኣትረርካ’ሞ ሓዛ፡ ንታ ጽባሕ ዘይተኣደነ ሕቶ እተውሕዘልካ ናይ ሎሚ እግሪ ተኸሊ ጓልካ ኣጨብጣ።

እዞም ዝዘሉ ዘለዉ ኸኣ ተዓዘቦም። ወኒ ዝቕስቅስ ወኒ እዮም ተዓጢቖም። ብኣልባሶምን ዕጣቖምን ጥራይ ኣይትደነቕ፡ ንደሃዮምን ቅስቃሰኦምን ጥራይ ኣይትከተል። ካልእ ዝብሉኻ መልእኽቲ ኣለዎም ኣዳምጽ ጥራይ። “እዚ ጽባቐና፡ ፍሉይነትና፡ ስጥመትና ኩሉ ናትካ’ዩ። ናትካን ናትናን። ህርመት ከበሮ ጥራይ ኣይኮነን ጸዓትና። ኣብቲ ጸወታ ኣሎ ሰላምና፡ ኣሎ ስምዒትና፡ ኣሎ ክውንነትና፡ ኣሎ ድሌትና፡ ኩለንትናና ብምልኡ። እቲ ናትና ደኣ መን ክሓልፈልና። ስለዚ ንዓ ተጸንበር’ሞ ሓመድ’ዛ ሓላል መሬት ክሳብ ዝሰራሰር ኣብ ባህልና ንዓንድር።” እዮም ዝብሉኻ ዘለዉ።

በዚ ድማ ተመልከት ፍርያት ሃገርካ፡ ጻዕርኻን ብልሕኻን እዚ ይመስል። ድኻምካ ብመልክዕ ፍረ ተዓዘቦ። ኩሉ ዓይነት ፍረታት እነሀልካ። ፍረ ከርሲ መሬት ዝኾነ ማዕድናት፡ ፍረ ስቡሕ መሬትን ምርምርን ዝኾኑ ኣእካል፡ ውጽኢት ድሌትካን ተግባርካን ዝኾነ ምዕባለታት መራኸቢታት፡ ጥዕናን ካልእን ኩሉ ኣብ ቅድሚኻ ኣሎ። ብዓይንን ሕልናን ተዓዚብካ መስክር። ዝረኣኻዮ ክዉን ምዃኑ ጥራይ ዘይኮነ ርኢኻ ክትዓግበሉ ምኽኣልካ’ውን ኣመስግን።

ኣብዚ ዘሎ ቴንዳ’ኸ ኣቕሊብካሉ? ሰራሕቲ ቅያ ገድልን መስገደልን ኣብ ውሽጢ ኣሳእል ኮይኖም እንታይ ይብሉን ይገብሩን ኣለዉ ተንብብ’ዶ ኣለኻ? ገጾም፡ ስምዒቶምን፡ መንፈሶምን ልዕል’ቲ ሃሳስ ሕብርታት ናይቲ ኣሳእል ጎሊሑ ኣሎ። “በዚ ኢና ሃገር ኣትኪልናና’ሞ... ንስኻ’ኸ በቲ ዘለካን በቲ ዘውረስናካ ኒሕን ናብ ምንታይ ኮን ክትቅይራ ኢኻ?” እዮም ኢሎም። ብርግጽ ትሰምዖም ኣለኻ። እታ ምስ መዓሙቕ መሬታ ዘይውዳእ ፍቕራ ክትገልጽ ተቐቢራ ዝተረኽበት፡ ብምልግጋብ መበቆላዊ መልክዓ ዘጥፍአት ሽዳ ስዉእ ተጋዳላይ ኣብ ኣእምሮኻ ትመላለስ ትህሉ እያ። ንሳ ዝበለትካ’ውን ትርስዖ ኣይብልን’የ። ልዕሊ ኩሉ እዛ ቁሸት ክተውክኣልካ እትደልዮ ነገር እንተሎ ግን፡ እዚ ዘርኣየትካ ጸጸር ካብ ምድረ-በዳ ታሪኽ ምዃኑ እዩ። እቲ ዝተረፈ ሑጻ ሓንቲ ብሓንቲ ምእራዩን ኣብ ናይ ክብሪ ቦታኡ ምቕማጡን ድማ ናትካ ሓላፍነት ምዃኑ እያ ተዘካኽረካ ዘላ።

እዚ’ውን እቲ ካልእ በረኸት ንግደትና እዩ። ‘ዝይጠቅም ሓጺንን ኤርትራዊ ኣእምሮ ዘይፈጥሮ ብልሀን የለን’ ዲኻ ዝበልካ? ብርግጽ! ገና ዕድመ ይኹን ተመኩሮ ሂወት ዘይቆንጨሉ መንእሰያትን ህጻናትን’ዮም። ግን ከኣ ንዘይጠቕሙ ዝመስሉ ነገራት ናብ ንከባቢኦም ዘርብሑን ዝቕይሩን ብርቂ ምህዞታትን ሰንዓን ኣካዊኖም። ሓጺነ-መጺን ተውህቦይ ኣይኮነን ጥራይ ከይትብለኒ። ብልሕን ፈጠራን መዛኑኻ ሓጺን ካብ ዓጸፈ፡ ካልእ ከመይ ኣቢሉ ይሸግሮ ክትብለኒ እየ ደልየ። ውልዶ ሓንጎልካ ኣብ ነፍሲ ወከፍ እትሓልፎ መንገዲ ይኹን ኢድካ እተንብረሉ ዓውዲ ንክቕይርን ክፈጥርን ስልጣን ሃቦ። ካብ ትዕዝብትኻ ኀቦ ንክትፈጥር’ውን እንተኾነ ሓመድን እምንን ጥራይ ዘድልዩኻ ምዃኖም ተመሃር። ብድሕሪኡ ኣነ’ኸ እንታይ እየ ክገብር ዝኽእል እትብል ሕቶ ባዕልኻ ሓቲትካ መልሳ ግን ከ ብግብሪ።

ንግደት ዓድና ብሓደ ኣፈቱ ዝውዳእ ኣይኮነን። በል’ሞ ኣብ መንጎ እዞም ካበየ ቦታኦም ተኣኻኺቦም ወጃዕ ዝብሉ ዘለዉ ኣቲና ብርክና ስብር ነብል’ሞ፡ ሽሻይ ፈስቲቫልና ክንቋደስ።

# ምኽሪ ሰነበት



## ርእሰ ተኣማንነት ዝፈጥሮ ሓጎስ

ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ምኽሪ ብተሌፎን ካብ ዝጅምር፣ ብዙሓት መንእሰያት ተጠቐምቲ ናይ'ዚ ኣገልግሎት ኮይኖም ኣለዉ። ንኡስ ዓምዲ "ምኽሪ ሰንበት" እምበኣር ንገለ ካብ'ቲ ብቑጽሪ ስልኪ 124256 ወይ ብቑ.ሳ.ጶስጣ 1042 ናብ "ሆት ላይን" ዝቐርብ ሕቶታት እያ እትምልስ።

ደዋሊ፡- ሃለው ሃ.ማ.መ.ተ.ኤ. ኣገልግሎት ምኽሪ ብቴሌፎን ድዩ?

ኣማኻሪት፡- እወ ጽቡቕ ኣለኻ።

ደዋሊ፡- ክትሕግዝኒ ደልየ ነይረ?

ኣማኻሪት፡- ደስ እናበለኒ። ብመጀመርታ ግን ምስ ነብስኻዶ ክተላልየኒ?

ደዋሊ፡- ወዲ 20 ዓመት መንእሰይ እየ። 2ይ ደረጃ ትምህርተይ ወዲኤ። ኣብ ናይ ውልቀ-ሰብ ትካል ተቘጺረ እሰርሕ ኣለኹ። ይኹን’በር ብባህርያተይ ሕጉስ ኣይኰንኩን።

ኣማኻሪት፡- ኣብ ባህርያትካ ዘየሕጉሰካ ነገር እንታይ ኣሎ?

ደዋሊ፡- ብሓጺሩ ኣብ ዝኹነ ዝዛረቦ ይኹን፡ ዝገብሮ ስራሕ ርእሰ-ተኣማንነት የብለይን።

ኣማኻሪት፡- ብኸመይ ናብ’ዚ መደምደምታ ክትበጽሕ ክኢልካ?

ደዋሊ፡- ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዘረባይ ይኹን ተግባራተይ ብኸመይ ንሰብ የሐጉስ ጥራሕ’የ ዝጽዕር። እቲ ሰብ ብቓላተይ ይኹን ብተግባራተይ ዘይተሓጎሰ ኰይኑ እንተተሰሚዑኒ፡ ኣብ ውሽጠይ ሓደ ናይ ባዶነት መንፈስ ክወረኒ ይፍለጠኒ።

ኣማኻሪት፡- እቲ ጌጋ ኰይኑ ዝስምዓካ ብልክዕ እንታይ’ዩ?

ደዋሊ፡- ንሰባት ባህ ዘየብል ዘረባ ወይ ተግባር ፈጺመ ኣለኹ ኢለ ኣብ ዝሓስበሉ።

ኣማኻሪት፡- ንሰባት ባህ ዘየብል ዘረባ ወይ ተግባራት ኣብ ከመይ ኩነታት ኢኻ ትፍጽሞ ዘለኻ? ማለት ኣብ ናይ ስራሕ ወይ ዕላል ኣጋጣሚ ድዩ?

ደዋሊ፡- ኣብ ኩሉ ምስ ሰባት ዝራኸበሉ ኣጋጣሚታት።

ኣማኻሪት፡- ነዚ ንምፍታሕ ወይ ንምቅላሉ እንታይ ዝወሰድካዮ ወይ ዝገበርካዮ ፈተነ ኣሎ።

ደዋሊ፡- ብዝተኻእለኒ መጠን ክጥንቀቕ ይጽዕር።

ኣማኻሪት፡- ካብ እንታይ ትጥንቀቕ?

ደዋሊ፡- ሰብ ከይጸልኣኒ ይጥንቀቕ።

ኣማኻሪት፡- ነብስኻ ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕ እያ ትነብር ማለት እዩ። ኣብ ፈለማ ዕላልና ነብሰ-ምትእምማን ከም ዝጎድለካ ኢኻ የዕሊልካኒ። እዚ ዓይነት ጸገም ከም ዘለካ ከተለልዮ ብምኽኣልካ ዝንኣድ እዩ። ኣብ ነብስኻ ክህሉ ዝግብኦ ርእሰ-ተኣማንነት ስለ ዘጥፋእካ፡ ብሰባት ፍቱው ክትከውን ትጽዕር ኣለኻ። ዝኾነ ሰብ ብኸባቢኡ ቅቡል፡ ንኡድን ክቡርን ክኸውን ይደሊ እዩ። እዚ ድሌት ክህልወካ ምኽኣል ቅቡል እዩ። ብኸመይ ተውሕሶ ግን ኣገዳሲ እዩ። በዚ ትኸዶ ዘለኻ ኣገባብ ግን፡ ብሰባት ተቐባልነትን ፍትወትን ከም ትረክብ ዘይኰነ ዝገብረካ፡ ብኣንጻሩ ውርደትን ውድቀትን’ዩ ዘሸምተልካ። ንሂወትካ ኣብ ጠላዕ የእቲኻ፡ ውሽጣዊ ሓጎስካ ጎሲኻ፡ ሓጎስ ሰባት ከተናዲ ምጽዓርካ ንነብስኻ ውሽጣዊ ድምጽኻ ሰማዒ ስኢኑ ክትክዝ ኢኻ ፈሪድካዮ።

ደዋሊ፡- ልክዕ እኮ ኣለኺ. ሓጎስ ዝበሃል የብለይን። ኩሉ ግዜ ምስ ተጨነቕኩ እየ። እንታይ ከም ዝገብር እኳ ጨኒቑኒ?

ኣማኻሪት፡- ኣካላትና ብኽልተ ተጻረርቲ ስምዒታት ዝቖመ እዩ። እዚ ማለት ላዕለዋይን ታሕተዋይን ደረጃ ኣተሓሳስባ ወይ ድማ እወታውን ኣሉታውን ስምዒታት እዮም። ላዕለዋይ ደረጃ ኣተሓሳስባ ናይ ሓጎስ፡ ደስታ፡ ፍቕሪ፡ ባህታ... ስምዒታት ክኸውን ከሎ ታሕተዋይ ደረጃ ኣተሓሳስባ ከኣ ፍርሒ፡ ጥርጣረ፡ ስምዒት ሕርቃን ... ዘለዎም እዮም። ክልቲኦም ተጻረርቲ ስምዒታት ኣብ ኣካላትካ ምህላዎም ርዱእ ኰይኑ ... ላዕለዋይ ደረጃ ኣተሓሳስባ ምስ ዝዕብልል ርእሰ ምትእምማን ዘለና ንኸውን። ርእሰ-ምትእምማንካ ሓፍ ከተብል ፈለማ ክትፈልጦ ዘለካ፡ ዝኾነ ሰብ ብተፈጥሮ ዝወሃቦ ዓቕሚ፡ ሓይሊ፡ ንቕሓት ኣለዎ። ነዚ ፈሊጥካ ንነብስኻ ከተድንቓ፡ ክብሪ ክትህባ፡ ከተፍቅራን ክትከናኸናን ይግብኣካ። ነዚ ምስ ትገብር ውሽጣዊ መንፈስካ ክበራበር እዩ። ዓቕምኻ ክገሃድ ክትርኢ ኢኻ። ሓጎስካ እውን ክዛሪ እዩ።

ደዋሊ፡- ኣብ ናይ ዕላል ኣጋጣሚታት፡ እቲ ናተይ ርእይቶ ከም’ቶም ዝቐርቦም ሰባት ዘልዕልዎ ዛዕባ ሰሓቢ ወይ ቅቡል ኣይኰነን። ከም’ዚ ዓይነት ሰብ ክለኹ ከመይ ጌረ’የ ንነብሰይ ከድንቓ’ሞ?

ኣማኻሪት፡- ደቂ ሰባት ከም’ቲ መልክዕና ዝፈላለ፡ ናይ ኣዘራርባ ተውህቦና እውን ይፈላለ እዩ። ስለ’ዚ ንስኻ ነዚ ኣብ ግምት የእቲኻ ከም’ቶም ተዛረብቲ፡ ተዛራባይ ዘይኰንኩ ዝብል ስምዒት ክህልወካ የብሉን። ሕማቕ ወይ ዘይሰሓቢ ዝበሃል ርእይቶ የለን። እዚ ባዕልኻ ኣብ የእምሮኻ ዝቐረጽካዮ እዩ። ኣነ ንፋዕ ኣይኰንኩን፡ ርእይቶይ ቅቡል ኣይኰነን። ኩሉ ሰብ ካባይ ይበልጽ፡ ዝብሉን ካልኦት ኣሉታውያን ስምዒታት ንርእሰ ተኣማንነትካ ዘጥፍኡ እዮም። ብኣንጻሩ፡ ኣነ ንፋዕ’የ ጸላዊ እየ፡ ብምባል ንነብስኻ ተዛረባ። ነዞም እወታውያን ሓሳባት ብውሽጥኻ እንዳ ተለማመድካ ክትከይድ ፈትን። ብኸም’ዚ እቶም ኣሉታውያን ዝበሃሉ ስምዒታት እንዳ ሃሰሱ ክኸዱ ክትርእዮም ኢኻ። ሽዑ ቅኑዕ ይኹን ዘይቅኑዕ ዘረባ እንተተዛሪብካ ሰባት ከይጸልኡኻ ዘይኰንካ ክትሸቘረር፡ ኩሉ ግዜ ከም ዘፍቅሩኻ ክትርዳእ ኢኻ። ንስኻ እውን ብምልኣት ከተፍቅሮም ኢኻ። ኣብ ፍቕሪ ድማ ፍርሒ የለን።

ደዋሊ፡- ብጣዕሚ የመስግነኪ የቐንየለይ።

"እሞ እቲ ናይ ምኻደይ ጉዳይ ዘተኣማምን ክኸውን ኣለዎ።" ዳዊት ብዘይካ ምስምማዕ ካልእ ኣማራጺ ከም ዘይብሉ ገሚቱ። "ኣብ መንገዲ እንተተታሒዘሸ ነጥሪ?" ግና ኣይተኣማመነን።

"እመን ኣታ! ዝኣመኑ'ምበር ዝተጠራጠሩ ኣይጸድቁን'የም። እዚ እዋን ድማ ካብ መልኣኽ ንላዕሊ ዝያዳ ምኻኽ ዘሎ ሰብ ዝኣመሉ እዋን'ዩ። ኣነ ድማ ነጥሪየ - ደፋር ጥራይ ዘይኮንኩ እንተላይ ትኪ ክኸውን ዝኽእል ሰብ። ደፋርን ትኩን. . . ዝበሉ እንተኾይናም ዓድና፣ ንሽኻ ድማ ነጥርን ተግባሩን ወትሩ ዕወት ኢልካ ተጸበየ። ጸባሕ ክትብጽሕ ስለ ዝኸኣልካ ተዳሊኻ ሕደር።"

"ኣንታ ነጥሪ ምንም ዘይተዳለኹ!" ሰንበደ ዳዊት። ካልእ ይትረፍ ስ ኣእምሮኣዊ ምቅርራብ ስለ ዘይገበረ ኑቲ ዘረብ ክቕበሎ ኣይደለየን። ንሱ ድማ'ዩ ከንቅድ ዘይሓገዞ።

"ንምንታይ ኢኻ ክትዳሎ? ኣጠሊዑ ፍሑኽ እናበለ ከርክቦ ዕድል ንምሃብ!" ርእሲ ብምንቕናቕ ኣኽማስመሰ። "ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ ክድቅስ እንከሎ ጥራይ'ዩ ክዳሎ ዘለዎ። ኣብ ካልእ ግና ወትሩ ብገስ ጥራይ'ዩ ክኸውን ዘለዎ። ሰብኣይን ወተሃደርን ጥንቁቓትን ድልዋትን ምስ ዝኾኑ'የም ዕዉታት ዝኾኑ። ኣብ ሰበይቲ ግና ስለምንታይ ምድላው. የድልየካ ማስለኻ እታ ሓጻር ርክብ ምለእ ህይወትካ እተሶ ክትከውን ስለ ትኽእል። በቃ ወዲኣ ኣለኹ ሕጂ ብቑጥታ ገዛኻ እቶ። እቶም ሱዳን ዘብጽሑኻ ሰባት ወጋሕታ ሰዓት ሓሙሽተ ክመጽኡኻ'የም።" ብድድ ኢሉ ከፋንዎ ተዳለወ። ዳዊት ግና ካብ ሳሎን ምስ ወጸ ንድሕሪት ዘዉጥጥ ሓሳብ ከም ዘለዎ፡ ኣእጋሩ ከምቲ ዝድለ ንቅድሚት ክሰጉማ ኣይከኣላን።

"ኢሂ ኣታ?" ነጥሪ ሓረቑ።

"ንብርኽቲ ስለ'ቲ ጸቡቓ ከይደ ክብሎ።"

"እዋእ!" ዝበረሞ ዝመስል ነጥሪ ብዓይኒ ጥርጠራ ጠሚቱ። "ብርኽቲ! ብርኽቲ!" ብዓወታ ጸውዐ።

"ኣቤት!" እታ ኣብ ሰንፈላል ዝበረት ብርኽቲ ደምጺ ድሕሪ ምህባ ኣብ ካልኢታት'ያ ደበኽ ኢላ።

"ዳዊት ክፋነወኪ እደሊ ኣሎ" ኢልዎም ናብ ማኪናኡ ሰጉመ። "ብርኽቲ እኸይድ ኣለኹ።" ኣድመጸ ዳዊት ንጥሪ እናሓለወ።

"እንታይ ደኣ ዘየዕልልካ?" ናይ ልባ ኣብ ልባ ገይራ ተዋስኣት። "እሞ መዓስ ደኣልካ ክትመጽእ?" ነጥሪ ስለ ዘለፉ ነታ 'መዓስ ደኣልካ ትመጽእ' ትብል ሓረግ ዳርጋ ብትሕቲ መልሓሳ'ያ ኣድሚጻታ። ዳዊት ንመጨረሻ እዋን ደፋዛዋ ብምንባሩ እንታይ ከም ዝምልሰላ ኣይፈለጠን።

"ሕራይ ክመጽእ'የ" መለሰ ካልእ ክብል ስለ ዘይክእል።

"መዓስ?" ዝመጽኣሉ መዓልቲ ክትፈልጥ ደለየት። "እትመጽኣሉ መዓልቲ ባዕለይ ክድውለልካ'የ።" ሓቢረቶ ነዊሕ ጠጠዉ ምባል ከም ዘጠርጥሮም ገሚታ ኣብ ቅድሚኡ እናረሓቐት። ዳዊት ብልቡ ሕማቕ ተሰምዖ። ግና ብዘይካ ስምዒቱ ጸይሩ ናብ ነጥሪ ምኻዶም ካልእ ኣማራጺ ኣይነበሮን።

# ተኹላ ከተማ

መበል 37 ክፋል

**ተኾላ ከተማ፥ ኣብ 2004 ሃማመተኣ ብስም ዋሪ ፕሮዳክሽን ኣብ ዝዓደሞ ናይ ፊልም ጽሑፋት(script) ወድድር፥ ኮለዔል ብዙበል ኣርእስቲ ቀዳመይቲ ዝወጸት ስራሕ'ያ።**

***

"ኣነ ደኣ ኣብይ ኩበሎካ እየ'ሞ?" ብፖሊስ ንዘቑርበላ ዝበረ ሕቶታት፡ ሕልና ክትምልስ ዓቕሚ ኣይነበራን። "ሓደ ነገር ክሓብኣልካ ዘይደሊ ኣሎ። በዓል ቤተይ ኩብለሉ ስለ ዘሎ ኣብዚ'ዩ ዝርኩብ ክብለካ የጸግመኒ'ዩ።"

ፖሊስ ያሬድ ኣዒንቱ ተኾሊሉ ጠመታ። ንሰምኣን ከም በዓልቲ ቤቱ መጠን ኣብ ዘለዎ ክትሕብሮ እምነት ነይርዎ። 'ግና እንተዘይደለየትክ?' ከም ሕቶ ዝመጸ'ዩ። ከገድዳ ከም ዘይክእል ይፈልጥ ነበረ። በዓል ቤታ ድማ ጥርጡር'ምበር ገበኛ ኣይኮነን። "ስለዚ ንስኺ ትሕግዝና ነገር የለን ማለት ድዩ?"

"ካብዚ ዝበልኩኻ ወጻኢ ካልእ ዝሕግዞካ የብለይን''

መለሰት ትብዕ ኢላ። "ብጉዳይ ገንዘብ እንተኾይኑ ተኸሲሱ ዘሎ ወርቀይ ሸይጠ ንሰምራዊ ክመልሰሉ'የ።" ካብ ልባ ተዛረበት።

'ስለምንታይ ትመልስሉ? እቲ ጉዳይ ብቐጥታ ንዓኺ ዝምልከት ኣይኮነን።"

"ከመይ ዘይምልከተኒ? ንሕና'ኳ ጸገመና'ምበር ዝወሰድናዮ ገንዘብ ክሓድና ኣይኮናን። በዓል ቤተይ ድማ እቲ ዝተለቅሖ ገንዘብ ንሓዊሩ እምበር ኣብ ጸፋዕፋዕ ኣየጥፍኦን።"

"ሕራይ ካልእ መዓልቲ ክምለሰኪ'የ።" ኢልዎ ልዕት ሰጊሩ ድሕሪ ምወጸእ ዳግማይ ምልስ ኢሉ፡ "ቁጽሪ ሞባይሉ ክትህብኒ ኣይትኽእልን?" ትምልሶ ክሰምዕ'ምበር ከም ዘይትህቦ እናፈለጠ'ዩ ሓቲትዋ።

"ወረድዎ!" በለት ቀልጢፍ ኢላ። "ኣብይ ከም ዘሎ ዘይፈለጥኩስ ቁጽሪ ሞባይሉ ድማ ክፈልጥ። ሞባይል'ውን የብሉን።"

"ሞባይል ከም ዘይብሉ ደኣ ከመይ ኣብልኪ ፈሊጥኪ?" በቲ ዘረባ ዝተገረመ ፖሊስ ክምስታ እናንጸብረቐ ሓተተ።

"እዚ ደኣ ከመይ ኣሉ ክጠፍኣኒ ወደይ?"

"ኣብይ ከም ዘሎ ጠፊኡኪ ኮብቅዕሲ ሞባይል ከም ዘይብሉ ክትፈልጢ?"

"ኣነ ግምት'የ ዝዛረብ ዘለኹ። ዓቕሚ ስለ ዘይብልና ሞባይል ክንገዝእ ኣይንኽእልን ኢና። ሞባይል ካብ ንገዝእ ዕዳና ምኽፋል ኣይምቐለለናን?"

"ንስኺ'ኸ ሞባይል ኣሎትኪዶ?"

ወ/ሮ ሕልና ነዛ ሕቶ ቀልጢፋ ክትምልሳ ኣይደለየትን። ምኽንያቱ ፖሊስ ያሬድ ናብ ቤታ ክኣቱ እንከሎ፡ ሞባይላ ካብ ሳሎን ከተልዕል ርእይዋ ከይከዉን'ዩ ሰክፍተኣ። 'ርእይዋዶ ይኸውን ኣይረኣያን?' ዝብል ጥርጣረ ድማ'ዩ ቀልጢፋ ክትምልስ ዘይሓገዛ። "ኣንታይ ደኣ እዛ ሕቶይ ክ ቢ ዳ ት ኪ ድያ?"

"ሕቶታትካ ኣዝዮም ከቢድኒ'ዮም" በሉቶ መልሲ ከይሃበቶ ክኸደላ እናተተሰፈወት። "ፖሊስ ድማ ወላ ንጹህ ሰብ ስለ ዝፈርሓኩም፡ ናብ ቤተይ ክትኣቱ እንከለኻ ከመይ ልበይ መሲሕኑ ማስለካ።" ከይፈተወት ናብ ዕላል ኣተወት።

"ስለምንታይ'ሞ ከምኡ ትኸውኒ?" ጠመታ። "ፖሊስ ፍትሒ ዘንግስ መልኣኽ'ምበር ሰባት ዘሰንብድ ሰይጣን ኣይኮነን።"

"ወራዱኒ ከምኡ ዘይወጽኣኒ!" ተኾላኸለት። እታ ሕቶ ተረሲዓ ኣብ ካልእ ዕላል ምትኳርም ኣተባብዕዋ'ኳ እንተኾነ ብኸምኡ ክቕጽል ደዩ ኣይቅጽልን ዘይምርግጋጻ ግና ክትዛናደእ ኣይሓገዞን።

"በሊ ቁጽሪ ሞባይልኪ ሃብኒ"

"ቁጽሪ ሞባይለይ. . ." ኣብ ሓሳብ ኣተወት። 'ናይ ካልእ ቁጽሪዶ ክህቦ'

ኣብ ኣእምሮኣ ዝመጸ ሕቶ'ዩ። 'ግና ናብ ሞባይለይ እንተፈቲኑኒ'ኸ?' ንውሳኔኣ ተጻራሪ ሓሳብ ኣፍረሰ። "በል ሕዝ" በሉቶ ክትነግሮ ብምውሳን።

***

ሻሂ ካብ ዝሰትዩ ሳልሳይ መዓልቶም'ዩ። እታ ካብ ስራሕ ምስ ተፈደሰት ናብ ቤታ ትገዱ ዝበረት ትብለጽ ምስ ንጉስ ሻሂ ምስታይ ከም ፍሉይን ክጉድላ ዘይትደሊን ነገር'ያ ርእያቶ። ወዲ፥ ሻሂ ክስትያ ንፈለማ እዋን ብምንባሩ እቲ ኣጋጣሚ ናብ ሓገስ ዝመርሕ መንገዲ ኮይኑላ ነበረ። ሻ ሂ ምስታይ ጥራይ ዘይኮነ ካብ ልሳን ንጉስ ዝሰማዕ 'ጽብቕቲ ደስ ክትብሊ' ዝበሉ ቃላት ጓልነታ ክትዝክር ካብ ዝገበርዋ ረቛሒታት'የም። ንጉስ ካብ ዝላለያ ንደሓር ህይወታ ክቕየር ይፍለጣ ነበረ። ቅድሚኡ ኣብ ዝበረ እዋን ንስራሕ ክትብጸስ እንከላ ዘይትግደሰሎም ዝበረት ምኸሕላልን ምጽብባቐን ሸዑ ኣጥቢቓ ሒዛቶም'ያ። ሓደ ሓደ ግዜ 'ሓቁ ድዩ?' ዝብል ስምዒት ይመጻ'ኳ እንተኾነ፥ ኣእምሮኣ ብዓብላሊ ሒዝዎ ዝበረ ቋንቋ ግና እወታዊ'ዩ። "ደንገየኳዶ ንጉስ?" ኣብ ስራሕ ከም ዘደንጎየት ተረዲእዋ ናብቲ ንጉስ ዝጸበያ ዝበረ ቦታ ምስ በጽሐት ምቕልል ኢላ ሓተተቶ።

"ስራሕ እንድዩ!" ንጉስ ምንም ናይ ሕርቃን ስምዒት ኣይነበሮን። ዕላማኡ ፍቕሪ ስለ ዘይነበረ ድማ ክሓርቕ ኢልካ'ውን ዝሕሰብ ኣይኮነን። "ኣስራሕቲ ድማ ነታ ትወጽኣላ ሰዓት እንደየም ዝርእዩ። ሰዓታት ሓሊሙኻ ወዒሎምሲ ኣብኣ በጺሖም ይቆጻጸሩኻ።" ንእግረ መንገዱ ናይ ነጥሪ ልኡኽ ምኻኑ ዘዘክር ዘረባ ኣሰምዐ።

"እወይ ሚኪያስ ሸኩር'ያ!" ተኾላኸለትላ ትብለጽ። "እዛ ዝበልካ





ጓል ዓምና ኣዚያ ዓባይ ሰብ'ያ። ክገርመካ ምስ ኣዕለልክዋ ዝያዳ'ያ ትተሓባበረኒ ዘላ። ኣነ'የ ኩዓይ ክሳብ ዝቐያየር ደንጊየ።"

ንጉስ ከም ዘይሰምዓ ዝኾነ ግብረ መልሲ ኣይሃበን። ንዕላማኡ ዘየሰገም ናይ ፈለማ ዕንቅፋት ምስምዑ ፈጺሙ ደስ ኣየበሎን። 'ዘይትሓፍሪ! ንዓኺ ንፍቕሪ ዝደለኹኺ ደዩ ደኣ ዝመስለኪ ዘሎ? ኣነስ ብኣኺ ገይረ ንሚኪያን ንስድራኣን ክሰሊ እምበር ፍቕሪስ ፈጺምኪ ኣይትሕሰብዮ፡ ዕላማ'ምበር ፍቕሪ ኣየራኸበናን' በለ ብልቡ። "ሓደ መዓልቲ ክላልየካ'የ"

"እንታይ ኢልኪ?" ሰንበደ። ትብለጽ'ዉን ኣስተብሂላትሉ። "ምስ ጥዑያት ኣስራሕትስ ክላለ እደሊ'የ" ከም ዝሰምዖቶ ምስ ፈለጠ ቀልጢፉ ቃናኡ ቀየረ። "ግና ኣጸቢቕና ምስ ተላለና ክኸዉን ኣለዎ" ቅድመ ኩነት ኣቐረበ። "ደሞዝ ደሓንዶ ይኸፍሉኹም?"

"ካብ ካልእ ንሕና ንሓይሽ። ናይ ብሓቂ እንገራ እዝጊ ክባልዑ ዘለዎም ስድራ'የም። ዳርጋ ከም ስድራቤቶም'የም ዝርእዩና። ኣየኖት ኣስራሕቲ ደኣ'የም ኣብ ኣውደኣመት ጸቡቕ ነገር ዝገብሩ? እዚኣቶም ግና ኣብ ኣውደኣመት ፓናቶሃን ኣረቂን ከየሰከቹ ኣይሰዱናን'የም።"

"እዋእ!" በለ ንጉስ ካብ ልቢ ተደኒቑ። 'ኣንታ እንታይ'ያ ትብል ዘላ? 'ንመልኣኽቲ ብሕማቕ ምስዖር ኣይከኣልን'ዩ' ዝበል ብሂል ድያ ከተዘኻኽረኒ ደልያ?" ሓተተ ንዑቡሱ። "እሞ እዚኦም ደኣ መልኣኽቲ በልዮም'ምበር።" ንሱ'ዉን ኣድናቖቱ ገለጸ። "እቲ ሕማቕ ትብልዮ'ኸ ትብለጺ ና?" ከም ትምልሰሉ ኣረጋጊጹ ሓተታ።

"እዚኣ ትብሃል ሕማቕ ርእየሎም ኣይፈልጥን'የ" መለሰት ዝኾነ ሕማቕ ርእያትሎም ከም ዘይትፈልጥ እናመስከረት።

"ማኪናኦም ድማ ክትጽብቕ!" ኩሓቶ ዝደለዮ ጉዳይ ስለ ዝበሮ ቀልጢፉ ኣርእስቲ ቀየረ። "ንዓኺ ከርማጽ ብዙሕ ግዜ ኣብ ከባቢ ስራሕኩም ኣብ ዝመላለሰሉ እዋን፡ እታ ማኪናኦም ጉዳይፍ ኣብ ዝርከብ ሓደ ጋራጅ ብቐጻሊ እርእያ ነይረ፡ ኣብኡ ደየም ዘዐርይዋ?"

"ካልእ ከይተኸወን!" በለት ኣዒንታ ብጥርጠራ እናንኣበጠት።

"ማኪናኦም ኣብይ ደየም ዘዐርይዋ?"

"ሓደ መዓልቲ ኣቶ ምናሴ ማኪና ተባላሺያትኒ ኢሉ ዝወሰደና ቦታ በዚ ከባቢ እናዳ ኪዳ ምህረት'ዩ።"

"እሞ ናቶም ኣይኮነትን እታ ዘጽንፈኒ ማለት'ዩ።" ዘድልዮ ሓበሬታ ምስ ረኸበ ዕላል ክቕይር ተዳለወ።

ይቕጽል

## ባህሊ፡ ዋሕስ ህላወን ቀጻልነትን

# ኤክስፖ ከም ባይታ ፈጠራ

ኣማኑኤል በርሀ



ኤክስፖ፡ ትርጉም ናይቲ ቃል ከምዝሕብሮ'ውን፡ ምስ ጸንብላት ዝተሓሓዘ ከም ምዃኑ መጠን፡ ዓብላሊ ትሕዝቶኡ ምስ ቱሪዝም ዝተኣሳሰረ ክኸውን ኢትጽበዮ'ዩ። ዝበዝሕ ግዜ ኣብ ፈስቲቫላትና ደሚቖ ዝንጸባረቐ'ውን፡ ባህላዊ ንጥፈታት ናይ ኩለን ብሄራትና'ዩ። ያታዊ መነብሮአን፡ ህርመተን፡ ሳዕሰዒተን፡ ኣባህላኣን፡ ኮታስ ሓፈሻዊ ባህላዊ ወግዕታተን እቲ ኣንጸባራቒ ክፋል ፈስቲቫላትና'ዩ። እዚ ይኹን'ምበር፡ ኣብ ፈስቲቫላትና ዘይድህሰስ ንጥፈታት ውሑድ ጥራይ'ዩ ክኸውን ዝኽእል። ብደረጃ ዕድመ ክርኣ እንከሎ፡ ካብ ቈልዑ ክሳብ ሽማግለታት ዘሳትፍ'ዩ። ብኩርናዕ ጽላታት'ውን ዳርጋ ኩሉ'ዩ ዝተኸፍ። ብሓፈሻኡ ጺጋታትና፡ ስነምታትና፡ ጸባቒና፡ ባህልና፡ ዕዮና.. ኩሉ ጥምር ኢሉ ኣብ ሓደ ቀጽሪ "ጆቦኢ" ይብሉኹ።

ሓደ ካብ ኣገዳስነት ፈስቲቫላትና፡ ንዓያዩ ሓይሊ ሰብ ኣነቓቓሕቲ ምዃኖም'ዩ። ቈልዑን መንእሰያትን ዘለዎም ናይ ፈጠራን ተውህቦን ዓቕሞም ንኽፍትሹ ባይታ ይፈጥር። ከም ወጽኢቱ ከኣ ዓመተ-መጺ ሓደስቲ ምህዞታትን ሰንዓታትን ክቐርቡን ሰብ ፍሉይ ተውህቦ ክቃላቐሉን ይርኣ። ዝበዝሕ ግዜ እቲ ኣብኡ ዝሳተፍ ዓያዩ ሓይሊ ብመንእሰያት ስለዝዕብለል ግዲ ኮይኑ ግን፡ እቲ ንጥፈታት'ውን ናብ መንእሰያት ገጹ ክዘዙ ይርኣ'ዩ። ብመንእሰያት ዝቐርቡ ምህዞታት፡ ምስ ህይወት መንእሰይ ዝተኣሳሰሩ ክኾኑ ንቡር'ዩ። ዋላ'ኳ መሃዙትን ሰናዕትን በብናቶም ኩርናዕ ጠሚቶም ስለ ዝሰርሑ ኣብ ሓደ ዓንኬል ዕድመ ሽንኮላል ዝብል ስራሕ እንተዘይኮኑ ዘቐርቡ፣ ብፍሉይ ንኣረጋውያን ወይ ንቈልዑ ተባሂሎም ዝሰርሑ ግን ውሑድ ይብሉ'ዮም።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ቀሪቦም ካብ ዘለዉ ምህዞታትን ሰንዓታትን፡ ብፍሉይ ንቈልዑ ተባሂሉ ዝተሰርሐ ሰንዓ፡ ካብ ብዙሓት ኣድናቖት ክረኽብ ቀንዩ ጥራይ ዘይኮነ፣ ቈልዑ ምስ ወለዶም ሪጋ ተሰሪዖም ክዘናግዕሉን ክመላለስሉን ቀንዮም። እቲ ብመንእሰይ ስምረት ቀሪቡ ዘሎ ኣብ መዋእለ ህጻናት ከገልግል ዝኽእል ናይ ቈልዑ ናይ መዘናግዒ መሳርሒታት ሰለስተ ዓይነት ኮይኑ፣ ኣብ መሬት ዝዘውር፡ ካብ መሬት ቁሩብ ክብ ዝበለን ንትኹል ኣብ ኣየር ዝንከባለልን መዘናግዒታት'ዩ።

ካብ ብንእሽቶኡ ምስ ሓጺን መጺን ዝዓበየ መንእሰይ ስምረት፡ ኣብ ዝሰርሖም ሰንዓታት ይኹኑ ሓደስቲ መሳርሒታት፡ ንድልዳለን ጸባቐ ዲዛይንን ማዕረ ትኹረት'ዩ ዝህቦም። እዚ ዋላ ንሓንቲ ኣቓዲማ ኣብ ስራሕ ዝወዓለት ማሽን'ውን ደጊሙ ክሰርሓ ከሎ ብውሕዱ ናይ ዲዛይን ለውጢ ክገብረላ ዝህቅን መንእሰይ፣ ወትሩ ሓድሽ ነገር ናይ ምስራሕ ሕልሚ'ዩ ዘለዎ። ዋላ ነታ ቀላል ኢትመስል ስራሕ ድማ፡ ብዘይካ ኣብ ርእሲ'ቲ ኢትህቦ መሰረታዊ ዲዛይና፡ ንዓይኒ'ውን ሱሓቢት ኮይና ክትቀርብ'ዩ ዝጽዕረላ። እዚ ድማ ካብ ብንእሽቶኡ ዝዓበየሉ ባህሪ'ዩ።



ዓመት መጺአ ዝተፈላለዩ ስርሓት ሓጺን ዝኾኑ ሰንዓታት ሒዙ ዝቐርብ ስምረት፡ እዘን ሎሚ ዓመት ብፍሉይ ንቈልዑ ተባሂለን ዝተሰርሓ ሰለስተ ስርሓቱ፡ እተን ክልተ ዝተመሓየሻ ክኾና ከለዋ፡ እታ ሳልሰይቲ ድማ ሓዳስ'ያ። "ንቈልዑ ዘገልግል ስራሕ ክትሰርሕ ከለኻ፡ ቈልዑ እንታይ ሕብርታትን ምስልታትን ይፈትዉ ከኣ ክትፈልጥ ኣሎካ" ዝበለ መንእሰይ ስምረት፡ እዘን ስርሓቱ ኮፍ መበለአን ከይተረፈ ብዝተፈላለዩ ናይ እንስሳታት ቅርጽን ሕብርታትን ዘውቀቡ'ዮም።



እታ ቀዳመይቲ ኣብ ናይ መገዲ ባቡር ዓንኬል እትዘውር ዝተፈላለየ ዝቐርጾም መናብር ዘለዋ ብቕርጺ ጉብየ እትሰሓብ'ያ። እዛ መሳርሒት ብኤለትሪክ እትሰርሕ ኮይና፡ ዋላ ደው ኢላ ከላ'ያ ኑቶም ቈልዑ እትምስጦም። ምስ ተሰቐልዋ ድማ ተወሳኺ ተምሳጥ።

እታ ካልኣይቲ ካብ ባይታ ብርኽ ዝበለ መናብር ዘለዋ ኮይና፡ እቲ ኮፍ መበሊ ብቕርጺ እንስሳታት ዝተሰርሐ ብምዃኑ፡ ኢቶም ቈልዑ በቲ ምስሊ ጥራይ ከይተረፈ'ዮም ዘዘናግዑ። እዚኣ'ውን ብኤለትሪክ እትሰርሕ ኮይና፡ ኤለትሪክ ኣብ ዘቋርጸሉ ብቐሊሉ ብሓይሊ ሰብ (ማንዋል) ክትሰርሕ እትኽእል'ያ።

እታ ሳልሰይቲ ኣዝያ ፍልይትን ዝተሓላለኸ ኣሰራርሓ ዘለዋን'ያ። እዛ ኣብ ኣየር ብዝጀርር ሰከይት ዓይነት መናብር ዝቖመት መሳርሒት፡ ብናይ ገዛእ ርእሳ ሞተር'ያ ትንቀሳቐስ። ኢቶም መናብር ኣብ ኣየር ንትኹል ክዞሩ ከለዉ፡ ኢቶም ኣብኡ ተሰቒሎም ዘለው ቈልዑ ዝወድቑ ዘለዉ ኮይኑ'ዩ ዝስመዓኩ። ብልዑል ጥበብ ስለ ዝተሰርሐት ግን፡ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ዑደት፡ ኢቶም ኣብ ገዛእ ርእሶም'ውን ዑደት ከምዝገብሩ ዘኽእል ምትዕጽጻፍ ስለ ዘለዎም፡ ኣዝዮም ምቹኣት'ዮም።

መንእሰይ ስምረት፡ ዋላ ነታ ዝደቓቐት ቁራጽ ሓጺን'ዩ ኣብ ጥቕሚ ከውዕላ ዝፍትን። እቲ ዝዓበየ ነገር ዲዛይን ምውጻእ ምዃኑ ዝኣምን ስምረት፡ ንንድፌ ኣብ ተግባር ኣብ ምውዓል ውሓለ ኢድ'ዩ ዘውንን። "ኢቶም ቈልዑ ተሓጒሶም ክኾዱ ከለዉ፡ ሽዑ'የ ዝያዳ ዕግበት ዝስመዓኒ" ዝበለ መንእሰይ ስምረት፡ ሎሚ ዓመት ዝረኸቦ ግብረ መልሲ ዝያዳ ኣብ ቈልዑ ኣተኲሩ ንኽሰርሕ ድርኺት ፈጢሩሉ ምህላዉ ይገልጽ።

ኣብ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ብርኽት ዝበሉ ብቈልዑን መንእሰያትን ዝተዳለዉ ምህዞታትን ሰንዓታትን'የም ቀሪቦም ዘለዉ። ፈስቲቫላትና፡ ጥጡሓት ባይታ ፈጠራ ምዃኖም ድማ ብግብሪ የመስክር።



# ገሻ ሰንበት

ብሃማመተኤ ዝዳሎ ዓምዲ

## “ኬሚካላት ጥራይ ተጠቒመ'የ ካብ ጨዋም ማይ ባሕሪ ጽሩይ ማይ ክፈሊ ክኢለ” መንእሰይ ሃ/ማርያም ገ/እግዚኣብሄር

ሃብተማርያም ገብረ እግዚኣብሄር ሃይለ ኣብ 1975'ዩ ኣብ ኣስመራ ከባቢ ቲራቮሎ ተወሊዱ። መባእታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሳሳል ማእከላይ ደረጃ ኣብ ፖቴን ቤ/ት ኢብራሂም ሱልጣን ነበር ድሕሪ ምክትታል ኣብ ሃገራዊ መልቀቒ ፈተና 3.4 ነጥቢ ረኺቡ። ናይ ላዕለዋይ ደረጃ ማህደረ ትምህርቲ ብምርካብ ኣብ ህንዲ ከተማ ቦምባይ ኣብ እትርከብ “Elphiniston College Of Science And Technology ብዓውደ ትምህርቲ ኬሚስትሪ ብዲግሪ ድሕሪ ምምራቕ ኣብ 1997 ናብ ሃገሩ ተመሊሱ። ኣብዚ እዋን ድማ ኬሚካል ጥራይ ብምጥቃም ንጨዋም ማይ ባሕሪ ከተጻሪ እትኽእል መሳርሒ ሰሪሑ'ሎ። ኣባል መበል 19 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት መንእሰይ ሃ/ማርያም ናይ ሎሚ ዕዱም ጋሻ ሰንበትና'ዩ ፡ ሰናይ ንባብ።

*** ዓውዲ ትምህርቲ ኬሚስትሪ ዝመረጽካሉ ምኽንያት እንታይ'ዩ?**

- ኣብ መባእታ እንከለኹ ዓውደ ሕክምና ከጸንዕ ድሊት ነይሩኒ። ናብ ህንዲ ምስ ከድኩ ግን ኬሚስትሪን ማይክሮ ባዮሎጂን'የ ወሲደ። ብሉ ምኽንያት ከኣ'የ ካብ ኮምፒዩተር ቴክኖሎጂ ናብ ኬሚስትሪን ማይክሮ ባዮሎጂ (ሕክምና) ሰጊረ።

***ትምህርቲ ኣብ ህንዲ'ሞ ከመይ ነይሩ?**

- እዚ ዝጠቕሰኩልካ ኮለጅ ሓደ ካብ'ቶም ቀዳሞት ኮለጃት ኮይኑ ቀዳመይቲ ሚኒስተር ህንዲ ነበር ኢንድራ ጋንዲ እትመሃረሉ ዝነበረት ህቡብ ኮለጅ'ዩ። መጀመርያ ክኣቱ ከሎኹ እቲ ትምህርቲ ብላቦራቶሪ ስለ ዝሰነ ቁሩብ ክብድ ኢሉኒ ነይሩ። ምስ ግዜ እናለመድኩዎ ምስ መጸ ኣኩ ግን ክዕወተሉ'ውን ክኢለ።

***ሞ. . .**

- ዓውዲ ትምህርቲ ኬሚስትሪ ኣዝዩ ዝምስጠኒ ዓይነት ትምህርቲ'ዩ። ብዘይካኡ ሕክምና'ውን ከጸንዕ ሓሳብ ስለ ዝነበረኒ ኣብ'ቲ መጀመርያ ከም ካልኣይ ኣማራጺ ነይሩ። ድሓር ግን ብተዛማዲ ልዕሊ ሕክምና ዝፈትዎ ዓውዲ ኮይኑ። ኣብ'ቲ ዘቕረብክዎ ፕሮጀክት'ውን ብ ዓወት'የ ዛዚመዮ። እዚ ከኣ ካብ'ቶም ቀዳሞት ኣብ'ታ ኮለጅ ተመረጽም ዝኣተዉ ዝነበሩ ብሉጻት ህንዳውያን ተማሃሮ ብክልተኡ ዓውድታት ብጹብለልትነት (2ይ ደረጃ) እኳ እንተተዓወትኩ ብሓደ ካብ'ቶም ኣማኸርቲ ናይ'ቲ ዩኒቨርስቲ ዝተዋህበኒ ምኽሪ ግን ካብ ክልተኡ ዓውድታት ብኬሚስትሪ ክምረቕ ክኢለ።

*** ዓውደ ሕክምና'ኸ?**

- ኬሚስትሪ ከም ዓውዲ ይፈትዎ'ዩ። ብዙሕ ጸገማት ክፈትሕን ክቃልልን ዝኽእል'ዩ። እዚ ዓውዲ'ዚ ዘይጸልዎ ሰብ የለን። ካብ'ቲ እንተንፍሶ ኣየር ደረቕን ፈሳስን ኬሚካላት ጀሚርካ ማለት'ዩ። ናብ'ታ ሕቶኻ ክምለስ ግን ዓውደ ሕክምና ከም ምጅማር ጀሚረዮ'ዩ። ንኣብነት ካብ'ቶም ብሉጻት ዝተባህሉ 40 ህንዳውያን ተማሃሮ ኣነ ጥራ'የ ኤርትራዊ ነይረ። ካብ'ዚኦቶም 20 ተማሃሮ ጥራይ ክንሓልፍ ከለና እቶም ዝተረፉ 20 ግን ክቕጽልዎ ኣይከኣሉን። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ከኣ'የ ኬሚስትሪ መሪጸ።

***ህንዳውያን ኣብ ትምህርቲ ናይ ምሽምዳድ ሜላ ዝጥቀሙ ምኻኖም ይፍለጥ፡ ንስኻ'ውን ሓደ ካብ'ቶም ተወዳደርቲ ተማሃሮ ምንባርካ ጠቒስካልና ኣሎኻሞ እስከ እቲ ውድድር ከመይ ነይሩ?**

- ኣብ ኣስመራ ከለኹ ከቢድ ናይ መጽናዕቲ ሜላ'የ ዝኽተል ነይረ። በዚ ከኣ ካብ ማእከላይ ደረጃ ንጸው ብልጫ እናወሰድኩ ናብ 12 ክፍሊ በጺሐ። እዚ ባይታ ኮይኑኒ ክበልል እኽእል። ኣብ ዝያዳ ጸገማት ክፈትሕ ዝኽእል ዓውደ ትምህርቲ ኣተኲረ ። ናይ ምሽምዳድ ባህሪ'ውን ነይሩኒ'ዩ።



***ድሕሪኡ'ኸ ናበይ ኣበልካ?**

- ኣብ 1996 -97 ምስ ተመረቕኩ ብቐጥታ ናብ ሃገረይ'የ ተመሊሰ።

***ኣበይ ክትሰርሕ ጀሚርካ?**

- ኣብ ሚኒስትሪ ሃብቲ ዓሳ ከም ናይ ኬሚካል ሎጂስቲክ ተመዲበ ንሰለስተ ዓመት ኣገልጊለ። ድሕሪኡ'ውን ኣብ'ቲ ሚኒስትሪ ኣብ ሓሊብ ሓሬና ምህናጽ ጃላቡ፡ ብተመሳሳሊ ከም ፋይበር ግላስን ካልእ ኑቲ ስራሕ ዘድልዩ ኬሚካላትን ካልኦት ኣቕሑን (Foreign Logistics) ካብ ደገ ዝመጽእ ኬሚካላት ኣብ ምቁጽጻር እሰርሕ ነይረ። ብዘይካኡ ኣብ መርከብ ኣውቃን ኣብ ዝተፈላለየ መራኸብን ኣብ ቤሉልን ከም ባሕረኛ ኮይነ ኣብ ውሽጢ መርከብ ዝሰራሕ ናይ ቤ/ጽ ንጥፈታት ሰሪሐ። በዚ ከኣ'የ ኑቲ ጨዋም ባሕሪ ምስ'ቲ ኣብ ሃብቲ ባሕሪ ዝነበረኒ ተሞክሮ ብምውህሃድ ዝያዳ ሚዛን ክህቦ ክኢለ።

***ናብቲ ቀንዲ ኣርእስትና ክንሓልፍ** - ጨዋም ማይ ባሕሪ ናብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ንምቕያር ዘኽእል ሜላታት ኣብ ምስናዕ ኢኻ እትርከብ ዘሎኻ ብዛዕባዚ እንታይ ትብለና?

- ከምዚ ዝበልካዮ እቲ መደብ ንጨዋም ማይ ባሕሪ ናብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ቀይርካ ህዝቢ ከም ዝጥቀመሉ ምግባር'ዩ። ዝተፈላለዩ ከም “Hydrophobic Electron - Extraction & Disalination ዝተባህሉ ኬሚካላት ተጠቒመ'የ ዘካይዶ። ንኣብነት ካብ'ቲ ዝጥቀመሉ 100 ግራም ኬሚካል ንሓደ ሊትሮ ጨዋም ማይ ናብ ጽሩይ ማይ ቀይርካ ኣብ ኣገልግሎት ከም ዝውዕል ክትገብሮ ትኽእል። ንሱብ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ንሕርሻዊ ንጥፈታት'ውን ክትጥቀመሉ ትኽእል።

***እዚ ፕሮጀክት ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ሳዋ ኣብ ዝተኻየደ 6ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ኣቕሪብኮ ነይርካ ብጸሒቲ ዝረኸብካዮ ግብረ መልሲ ከመይ ነይሩ?**

- ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ኑቲ ፕሮጀክት ካብ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ጀሚርካ ሓያሎ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ፈስቲቫል'የም ተዓዚቦሞ። ኑቲ ጀሚረዮ ዘለኹ ስራሕ ኣብ ግብሪ ከውዕሎ ዝድርኽ መተባብዒ ከኣ ለጊሶምለይ። በዚ ድማ ነዚ ንሰለስተ ዓመት ዘካየድክዎ ጻዕሪ ናብ'ቲ ዝድለ ዕላማ ንብምጻሕ ምሉእ ደገፍ ኮይኑኒ'ሎ። ብዘይካኡ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢን ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲን E.I.T. ን ብምትሕብባር ብዕምቆት ተጸኒዑ ኣብ ትግባረ ንኽውዕሎ ክጽዕር ከም ዘለዎ ኣተባቢዖምኒ። ከምኡ'ውን ንኣስ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣተኲሮ ጌሮምለይ ኣለው።

***እዚ ትሰርሖ ዘሎኻ ንጨዋም ማይ ባሕሪ ናብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ናይ ምቕያር መሳርሒ ክሳብ ክንደይ ኣገዳስነትን ብልጫን ኣለዎ ትብል?**

- ማይ መሰረታዊ ጠለብ ፍጡራት'ዩ። ብፍላይ ንዓና ንኤርትራውያን ሃብታም ዘይተኸለ ባሕሪ'ዩ ዘሎና። በዚ Hydrophobic Electron Extraction ዝተባለ ኬሚካላት ጥራይ ተጠቒመ ከኣ'የ ካብ ጨዋም ማይ ባሕሪ ፡ ጽሩይ ማይ ክፈሊ ክኢለ። ብመጻር ወጻኢታት ክትርእዮ ከሎኻ ኣዝዩ ዝተሓተ ፡ ብመንጸር ግዜ'ውን ኣዝዩ ቁጡብ'ዩ። እዚ ኣጠኒዮ ዘሎኹ ፕሮጀክት “ERi-water extraction and disalination” ኢለ'የ ሰምየዮ ዘለኹ።ከምቲ ዝሓሰብኩዎ ክኸውን ከኣ ብዓል ምሉእ ተስፋ'የ።

*** ካብ'ቲ ብልጫታቱ ገለ ኣብነት እናጠቐስካ'ዶ ክተብርሃልና?**

- ጸገም የለን። ንኣብነት እተን ብማእከላይ ገምጋም ናይ 200.000 ጋሎን ጨዋም ማይ ባሕሪ እናፍላሕካ ከጽርያ ዝኽእላ መሳርሒታት እንተተጠቒምካ ብሚልዮናት ዝቑጸር ወጻኢታት'ዩ ዝሓትት። እታ ንጨዋም ማይ እተጻሪ ማሽን ተነቃፊት፡ ከም ነዳዲ ጉልበት ሰብን ልዑል ወጻኢታት ኤሌክትሪክን ተደማሚሩዎ ኣዝዩ ከቢድ'ዩ። እዚ ኣነ ዝሰንዖ ዘለኹ ግን ከሚካል ጥራይ ተጠቒምካ ዝስራሕ ስለ ዝኾነ ዳርጋ ብጥራዩ'ዩ ክበሃል ይከኣል። እቲ ወጻኢታት ዝበሃል ንኬሚካል ዝግበር ጥራይ'ዩ። ኣብነት ክውሰኸካ ንሓደ ሊትሮ ጽሩይ ማይ ናይ 100 ግራም ኬሚካል የድሊ። እዚ ከኣ ብዋጋ ክትመን ከሎ ካብ 65.00 (ሱሳን ሓሙሽተን) ናቕፋ ዝሓልፍ ኣይኮነን። ነዚ'ውን ኣብ መጻኢ ኑቲ ኬሚካል ባዕለይ ክሰንዖ ጻዕሪታት ኣብ ምክያድ እርከብ ኣለኹ። ክዕወተሉ ምሉእ ተስፋ ኣሎኒ። ካብ ልዕሊ 100.000 ጋሎን ፡ ኣብ ዝተወሰነ ሰዓታት ጽሩይ ማይ ምቕራብ ይከኣል'ዩ።

***ካልእ ዝሰናዕካዮ ወይ ክትሰንዖ ዝፈተንካ እንታይ ኣሎ?**

- እወ ካልእ ድማ ዝተሰንዐ ስራሓት ኣሎ ። ንኣብነት ኣብ መኪና ሶላር ባተሪ ብምግጣም መኪና እትንቀሳቐሰሉ ኩነት ንምፍጣር ኣብ ፈተነ እርከብ ኣለኹ። ብዘይካኡ ሓፈሻዊ ቀለማት ንምስናዕ ዝተወድአ ፕሮጀክት ድሮ ኣዳልየ ኣለኹ። እዚ ከኣ ብሒደት ወጻኢታት ማለት'ዩ። ካብ ፕላስቲክ ዝስራሕ ንሕርሻን ካልእ ንጥፈታትን ዘገልግል ከም ትቦታት ዝኣመሰለ ጥረ ነገራት፡ ውጽኢት ናይ ሰድየም ክሎራይድ ንባክተርያ ይኹን ቫይረስ ከጥፍእ ዝኽእል (Calcium dis- enfectant) ድሮ ሰሪሐ ኣለኹ። ኣብ መጻኢ ብደረጃ ዓለም ክዕወተሉ ከኣ ተስፋ እገብር።

*** ገና ከለኻ ህርፋን ትምህርቲ ዘለካ ኢኻ ትመስል . . .**

- ብርግጽ! ካብዚ ዝተላዕለ እቶም ሓለፍቲ ናይቲ ዝመሃረሉ ዝነበርኩ ኮለጅ ኮኑ መምህራንን ተማሃሮን “ሚስተር ቡክ” እናበሉ'ዮም ዝጽውዑኒ ነይሮም። ኣብ ዝኾነ ማሕበራዊ ምዝንጋዓት ኣይሳተፍን ነይረ።

*** ቀጺሉ ምስ መጻሕፍቲ ጽሙድ ምዃን ግን ተነጺሎ'ዶ ኣየሰዕበልካን? ብዓቢኡ ንጥዕናኻ'ኸ ?**

- ተነጺሎ ክህሉ ግድን'ዩ ግን ከምኡ'የ ዝመርጽ። ኣብ ጥዕናኻ ንበልካዮ ግን ኣነ እናተዛናኹ'የ ዘጸንዕ ንኣእምሮይን መንፈሰይን ኣየጨነቕን'የ።

***ኣብ ህንዲ ኣብ ዝጸናሕካለን ዓመታት ገለ ቋንቋ ህንዲ ኣይተለማመድካን?**

- ንመረዳድኢ ዝኸውን ኣለኒ። እመልኽ'የ ክብል ግን ኣይክእልን ። ድሓር ከኣ ከምቲ ዝበልኩኻ ኣብ መጽናዕቲን ምርምርን ኬሚካላት እጽመድ ስለ ዝነበርኩ ከምቲ ዝድለ ኑቲ ቋንቋ ክመልኽ ዕድል ኣይነበረንን። ብዓቕመይ ግን እሰምዕን እዛረብን'የ።

***ብዘይካ ኣብ ህንዲ ኣብ ካልኦት ዝበጻሕካዮን ሃገራት ኣለዋ'ዶ?**

- ኣብ 1998-99 ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኒው ጀርሲ ፡ ኒውዮርክን ከባቢታታን ምስ ሞያይ ብምትእስሳር ንመጽናዕቲ ከይደ ነይረ። ኣብ ሃገረይ ኮይነ ብተወፋይነት ዓብይቲ ስራሕ ከበርክት ብምምራጽ ከኣ ናብ ሃገረይ ተመሊሰ።

***ኩነታት ውልቃዊ መነባብሮኻ ከመይ'ዩ ?**

- ጽቡቕ'ዩ ።

***መሲልካ'ዶ?**

- (ሰሓቕ) ዛጊት ኣይተመርዓኹን ምስ ሰድራይ እየ ዝቕመጥ ዘለኹ። ሓደ መዓልቲ ግን ከም ሰበይ ክመስል ምዃነይ እፈልጥ።

***ኣብ መወዳእታ . . . .**

- ዝምልከቶም ኣካላት ነዚ “ኤሪ ዎተር” ኢለ ሰምየዮ ዘለኹ'ሞ ከም ፕሮጀክት ቀሪቡ ዘሎ ንድፊ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ምትብባዖምን ምትሕግጋዞምን ክይፍለየኒ እላቦ። በዚ ዓውዲ ሓሳቦም ክካፍሉኒ ክሕግዙኒ ወይ'ውን ካብይ ሓገዝ ንዝደልዩ ድማ ብ email ኣድራሻ gerezgiher. habtom @ hahoo.co.uk ክረኽቡኒ ይኽእሉ።

**ህዝባዊ ርክባት ሃ/ማ/መ/ተ/ኤ**

# ስፖርት

ኤርምያስ ኣስፍሃ

ክንላለዮም

## ኣሮን ደብረጼን - ኣብ ሓደ ኣህጉራዊ ውድድር ሸዱሽተ ግዜ ኣብ መድረኽ ዕዉታት ዝደየበ ተቐዳዳማይ



ተቐዳዳማይ ብሽክሊታ ኣሮን ደብረጼየን ገርያማኪኤል ይበሃል። እዚ 1፡83 ዝቑመቱ ሓለንጋይ ተቐዳዳማይ፣ ምስ ጋንትኡ ኣስቤኮ ከምኡ'ውን ምስ ሃገራዊት ቀዳድም ብሽክሊታ ኤርትራ ብምዃን ኣብ ኣህጉራዊ ውድድራት ዝንኣድ ወጽኢት ብምምዝጋብ ስሙ፣ ስም ክለቡን ሃገራዊት ጋንትኡን ዘጸውዐን ዘጸውዕ ዘሎን'ዩ። ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገር ኣብ ዝስራዕ ውድድራት'ውን ብርክት ዝበለ ዓወታት ዝተጓናጸፈ፣ ብዕድመ ንኡስ ብቕዓቱን ወጽኢቱን ግን ዓቢ ዝኾነ ተቐዳዳማይ'ዩ።

ኣሮን፣ ብለካቲት 1992 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ተወሊዱ፣ ኣብ 2000 ናብ ሃገሩ ኤርትራ ብምምጻእ ክኑበር ጀሚሩ። ንሱ፣ ኣብ ናይ ማውንተይን ውድድራት ዝቀዳደም ዓቢ ሓዊ ስለዝነበሮ፣ ኣብ 2005 ናብ መወዳደሪ ቦታ እናኸደ ንሓው ይዕዘቦ ነበረ። ብናይ ሓው ድፍኢት ድማ ኣብ 2006 ኣብ ናይ መዋእል መዛኸሮ ውድድራት ማውንተይን ባይክ ኣብ 3ይ ዲቪዥን ተመዝጊቡ ክወዳደር ጀመረ።

ኣሮን፣ ኣብ ውድድር ማውንተይን ባይክ 3ይን 2ይን ዲቪዥንናት ብዘደንቕ ብቕዓት ኣተባባዒ ወጽኢት የመዝግብ ነበረ። ኣብ ማውንተይ ባይክ ኣጥሪዎ ብዘበረ ብቕዓት ኣብ ውድድር ዳ ኮርሶ ንኽወዳደር'ውን ከም ዘይሰንፍ ተገንዘበ። ናይ ክለብ ኤሌክትሮ ላይት ተቐዳዳማይ ዝነበረ ሓው ሚካኤል ደብረጼየን ብዘገደፈሉ ብሽክሊታ ከኣ ኣብ 3ይ ዲቪዥን ተመዝጊቡ ኣብ ውድድር ዳ ኮርሶ ክወዳደር ጀመረ።

ኣብ ታሕሳስ 2008 ኣብ ናይ 3ይ ዲቪዥን ኣብ ዝተሰርዐ ውድድር ሻምፕዮን ዝንኣድ ብቕዓት ብምጽብራቑ፣ ናይ ሻምፕዮን ውድድር ጌና ከይተዛዘመ ተዓዊቱ ምዃኑ ኣረጋገጸ። ብሓፈሻ ኣብ ናይ 3ይ ዲቪዥን ውድድራት 3 ወናጨፍ ዓተረ።

ኣሮን፣ ተወዳዳሪ 3ይ ዲቪዥን ከሎ ብፍላይ ኣብ ከባቢ እንዳ ማርያም ንዝነበረት ውድድር፣ ናይ'ቲ ዝተመደበሎም ዙርያ ፍርቂ ምስ ተረፎም ብዘደነቕ ብቕዓት ኣምሊጡ 1ይ ተዓዊቱ ምስ ኮነ፣ ብብቕዓቱ ዝተማረኸ ናይ ክለብ ኣስቤኮ ኣሰልጣኒ ሳምሶን ሰለሙን ዓይኑ ስለዘውደቐሉ ምስ ክለቡ ክጽንበር ሓተቶ። ኣሮን'ውን ብዘይ ምውልዋል ኣብ ጽባሕ'ታ ውድድር ሰኑይ መዓልቲ ምስ ክለብ ኣስቤኮ ኪታሙ ኣንበረ።

ምስ ኣስቤኮ ውድድሩ ኣብ 2ይ ዲቪዥን ፈለመ። ብዘመዝገቦ ዝበረ ብሉጽ ዓወታት ኣሰልጣኒ ሳምሶን ሓጎሱ ይገልጸሉን የተባብዖን ምንባሩ ይጠቕስ።

ኣሮን፣ ኣብ ጥቅምቲ 2011 ናብ 1ይ ዲቪዥን ዝተሰጋገረ። ኣብ 1ይ ዲቪዥን ኣብ ሻምፕዮን ዞባ ማእከል፣ ሽዑ ሓያላት ተቐዳደምቲ ምስ ዝበሩ ፍረቓልሲ ደብሳይ፣ ዳዊት ሃይለን ናትናኤል ብርሃን ተወዳዳሪ ብቕዓት ብምርኣይ ኣብ ደረጃ ወጽኢት ይኣቱ ነበረ። ብፍላይ ኣብ ማስመር ኣስመራ-ከረን- ኣስመራ ኣብ ዝተሰርዐ ውድድር ምስ መኽሰብ ደብሳይ ካብ ከባቢ ዓዲ- ኣቤቶ ኣምሊጡ ዝተዓወተላ ቅጽበታዊ ውድድር ብፍሉይ እትሕገሶ ወጽኢት'ያ።

ኣሮን፣ ኣብ መጀመርታ 2012 ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ቀዳድም ብሽክሊታ ተመርጸ። ኣብ መጋቢት ናይ'ዛ ዓመት ከኣ ንፉልማይ እዋን ምስ ሃገራዊት ጋንታ ናብ ኣልጀርያ ኣምረሐ። ኣብ ዙር ኣልጀርያ ብፍላይ ኣብ ናይ ጸርግያ ዝነበረ ውድድር ምስ ሓደ ሞሮካዊን ሓደ ቱርካዊን ተቐዳደምቲ ን390 ኪሎ ሜትር ኣምሊጡ ተፈንቲቱ ብምውዓል፣ ኣብ መወዳእታ፣ በቲ ቱርካዊ ብጸቢብ ቅጽበታዊ ውድድር ተሳዒሩ 2ይ ደረጃ ሓዘ። እዛ ውድድር ንኣሮን ካብ ኣእምሮኡ ዘይትሃሰሰን ዘቖጥዓቶን ውድድር'ያ። ምኽንያቱ፣ እቲ ዝሰዓሮ ቱርካዊ ሓይሊ ዝሁብ መድሃኒት ወሲዱ ምንባሩ ድሒሩ ስለዝተረጋገጸ - ብመሰረት ሓበሬታኡ።

ኣሮን ብድሕሪ ዙር ኣልጀርያ ኣብ ዙር ሞሮኮን ዙር ኣቢሳንጎን ተሳቲፉ ብውልቁ ጸቡቕ ወጽኢት ኣመዝጊቡ'ዩ። ብድሕሪ'ዚ፣ ምስ ክለቡ ኣስቤኮ ኣብ ዙር ሩዋንዳ ብምስታፍ ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ኣብ ደረጃ ብምእታው፣ ኣብ ናይ ብሮንዝ ጸዕዳን ማልያታት ከምኡ'ውን ኣብ ኣንበሳ ዓቕሚ ጸቡቕ ወጽኢት ኣመዝገበ።

ኣብ 2013'ውን ንሃገራዊት ጋንታ ወኪሉ እንደገና ኣብ ዙር ኣልጀርያ ተሳቲፉ። ኣብ'ዛ ውድድር፣ ምስ ደቂ ጋንትኡ ከቢድ መውደቕቲ'ኳ ኣጋጢምዎ እንተነበረ፣ ንዕኡ ተጻዊሩ ተዓዊቱ ጻዕዳ ማልያ ክኸውን በቒዑ። ኣብ 2014'ውን ምስ ደቂ ጋንታኡ ኣብ ዙር ኣልጀርያ ምስ ሃ/ጋንታ ብምስታፍ ኣብ ዝተሰርዓሉ ኩሉ ውድድራት ብዑብላልነት ብምስዓር ዓቢ ዓወት ተጎናጺፍም ተመሊሶም። ብድሕሪ'ዚ ናብ ኣስመራ ብምምላስ ኣብ ዝተሰርዐ ናይ ዘዋሪት ዋንጫ፣ ዋንጫ ናጽነትን መማዝኒ ብቕዓትን ዝምስክር ወጽኢት ኣመዝገበ። ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኤርትራ ከኣ ተሳቲፉ። ኣብቲ ውድድር፣ ኒታ ምስኡ ዝነበረት ጉጅለ ብዘደንቕ ኣገባብ ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ብምስዓር ተዓዊቱ 2ይ ደረጃ ኮነ።

ኣብ 2013፣ ኣብ ዙር ኣልጀርያ፣ ን6 ግዜያት ኣብ ፖድዩም (መድረኽ ዕዉታት) ደይቡ ክሽለም ብምብቃዑን ተዓዊቱ ጻዕዳ ማልያ ብምዃኑ ከምኡ'ውን ተቐዳዳማይ 2ይ ዲቪዥን ከሎ ካብ'ታ ድሒራ ዝነበረት ጉጅለ ብዕቱዑ ኒታ ቀዳሚኣም ተመርቂሑ ዝነበረት ጉጅለ ኣርኪቡ ብምሕላፍ 1 ደረጃ ምዕዋቱ ካብ'ቲ ዘሐጎሶ ዝተሳተፎ ውድድራት'ዩ።

ኣብ ናይ ውድድር ዘኩ ዝተሸለሞ 15 ዝኾና ዋናጩ ከምኡ'ውን ክሱብ 22 ዝኾውን ከኣ መዳልያት ኣብ ከቢሒ ገዝኡ ኣቐሚጡ ከም ዘሎ ዝጠቕስ ኣሮን፣ ኣብ ጎልጎልን ዓቐብን ሰናፍ ከም ዘይኮነ ልዕሊ ኩሉ ግን ኣብ ቅጽበታዊ ውድድር ከም ዘድምዕ፣ ኣብ ቅጽበታዊ ውድድርን ዓቐብን ከኣ ጸቒጡ ልምምዳት ከም ዘካይድ ከይጠቐሰ ኣይሓለፈን። ዝፈትዎ መወዳደሪ ቦታ እንዳ ማርያም፣ ኣብ ዓለም ዘድንቖ ተቐዳዳማይ ኮንታዶር፣ ዝፈትዎ መግቢ ሽሮን ፓስታን፣ ዝፈትዎ ማሰተ ከኣ ኮተላ ከም ዝኾነ ኸኣ ንእግረመገዱ ወስ ኣቢሉልና።

ተቐዳዳማይ ኣሮን፣ ተዓዊቱ ውድድራት ማውንተይን ባይክ 2014 ዝኾነ፣ ወዲ 16 ዓመት ከምኡ ንኡሰ ተቐዳዳማይ ሓው ኣለዎ።

## ኣሽሊ ያንግ

9 ሓምለ 1985 ኣብ ስቲቨኔጅ ዝተባህለ ስፍራ ዓዲ እንግሊዝ፣ ካብ ጃማይካዊ መቦቆል ዘለዎ ኣቦ ዝተወልደ ኣሽሊ ሳይሞን ያንግ ኣጥቃዓይ ፍርቂ ሜዳ ወይ ናይ ክንፊ ተመሳሳሊ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ከምኡ'ውን ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ተሰሊፉ ዝጻወት ንኡዕ ተጻዋታይ'ዩ።

ያንግ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ጆን ሄንሪ ኒውማን ተመሃራይ ከሎ ኣትሒዙ'ዩ ምስ'ቲ መምህርቱ ነበር ወሩይ ተቐዳዳማይ ፎርሙላ ዋን ቀዳድም መኪና ዝኾነ ልዊስ ሃሚልቶን ኩዕሶ እግሪ ምጽዋት ጀሚሩ። ኣቦኡ ደጋፊ ቶተንሃም ክኸውን ከሎ ያንግ ግን ልክዕ ከም'ቲ ምዕባዩ ሓዉ ንኣርሰናል'ዩ ዝፈቱ ነይሩ። ኣብ 2003'ዩ ከኣ ኣብ ትሕቲ ኣላይነት ሬይ ልዊንግተን ኣብ ዋትፎርድ ሞያዊ ጸወታ ጀሚሩ።

ኣብ ናይ 2005/06 ወቕታዊ ዓወታት ዋትፎርድ ምስ ብጾቱ ዓቢ እጃም ብምብርካት ጸቡቕ ስም ኣጥርዩ ንውሕልነቱ ኣስተውዒላ ዓለም ኣደኽሮ ክትጉብረሉ ምስ ጀመረት ድማ ኣብ ጥሪ 2007 ብ8 ሚልዮን ፓውንድ ናብ ደንበ ኣስቶን ቪላ ተጸንበረ።

ያንግ ገና እግሩ ከየንበረ ከሎ ኣብ'ቲ ኣብ ሴንት ጀምስ ፓርክ ኣንጻር ኒውካስል ዩናይትድ ዝተሰላሰለ ግጥም ሓንቲ ብልጽቲ ሸቶ ኣመዝጊቡ ብዓወት ተበኮረ። ሓደ ካብቶም ኣስቶን ቪላ እትምክሓሉም ጉልበል ኮይኑ ብዙሕ ኣበርኪቱ ብምግባር ከኣ ክሱብ ሓሊቓ ጋንታ ክኸውን በቒዑ። ኣብ ቪላ ፓርክ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ዕድመን ጥበብን እናወሰኸ ዝኣኸሎ ተመክሮ ምስ ደለበን ብኹሉ ኹሉ ኣይልዳሉ ምስ ረገጸን ካብኡ ሓሊፉ'ውን ናይ ሓደ ወቕቲ ዝንኣስ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ሽልማት ምስ ዓተረን ድማ'ዩ ምስ'ታ ኣተናኡ ርእያ ካብ መፈለምታኡ ዓይኒ ኣውዲቓትሉ ዝጸንሐት ማንቸስተር ዩናይትድ ኣብ ሰነ 2011 ውዕል ዝኸተመ።

ያንግ 23 ሰነ 2011 ካብ ኣስቶን ቪላ ብምስንባት 20 ሚልዮን ፓውንድ ብዘዕምጎም መጠን ገንዘብ ምስ ማንቸስተር ዩናይትድ ንሓሙሽተ ዓመታት ዘጸንሑ ውዕል ከተመ። ምስ ከም ክርስትያኖ ሮናልዶ፣ ዋይን ሩኒን ስቲቨን ጀራርድን ዝኣመሰሉ ህቡባት እናተጠቕሰን እናሳዕ "ዝበለጸ ተጻዋታይ ናይ ግጥም" እናተባህለን ሓያሎ ሽልማታት ድሕሪ ምዕታርን ምስ'ታ ሕርያቲ ጋንታ ፕሪምየር ሊግ ናይ ናይ 2007/08 ምርቓሕን ድማ'ዩ ኣባል ሃገራዊት ጋንታ ዓዲ እንግሊዝ ንኽኸውን ክብርን ጠለበን ዝረኸበ።

ኣብ'ቲ ካብ 2007 ኣትሒዙ ሃገራዊት ጋንታ ዓዲ እንግሊዝ ብዘጸዋቱ ኣብ ናይ ዩሮ ውድድራት 2008 ኣንጻር ሃገራውያን ጋንታታት ሩሲያ፣ እስራኤልን ኢስቶንያን፣ ካልእ ግዜያት እውን ኣንጻር ኦስትርያን ጀርመንን፣ ኣብ 2011 ኣንጻር ደንማርክ፣ ስዊዘርላንድን ዌልስን፣ ኣብ 2012 ከኣ ኣንጻር ሞንተኔግሮን ኖርወይን ኣብ ዝተኻየደ ግጥማት ክሰልፍ ዕድል ረኺቡ ብድምር ሸዱሽተ መሰጥቲ ዝኾና ኣህጉራውያን ሸቶታት ብምምዝጋብ ኣብ ምዕዋት ሃገሩ ብዘበርዖ ዕዙዝ ግደ ንህዝቡ ዘሐበነ ነይሩ። ኣሽሊ ያንግ ምስ ሃገሩ ተሰሊፉ ድሕሪ ዋይን ሩኒ እቲ ብዙ'ኸታታሊ ኣብ ኣርባዕተ ግጥማት ኣርባዕተ ሸቶታት ከመዝግብ ዝኸኣለ ፋልማይ እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ክኸውን ከኣ በቒዑ'ዩ።

ያንግ በቲ ንጡፍን ምዕሩግን ኣሳጉምኡ፣ ኣረእኣ መቐናቐንቱ'ኻ እናዘርካ ናይ ምሕላፍን ሕርሕራይ ጊዮርካ ንኸዕሶ ናይ ምቕላዕን ክእለቱ'ዩ ዝልለ። ብዘይካ'ዚ በቲ ዘውንኖ ብኖማናይ እግሪ ንድሕሪት ናይ ምቕራጽን ንኸዕሶ ናብ ቦታ ልዳት ብልክዕ ናይ ምልኣኽን ጥበብ'ውን ፍሉጥ'ዩ።

ብኣጠቓላሊ ኣሽሊ ያንግ ኣብ ርእሲ'ቲ ማንቸስተር ዩናይድ ኣብ 2011 ናይ ኤፍኤ ኮምዩኒቲ ሺልድ ሽልማት ክትዓትር ይኹን ኣብ 2012/13 ኣብ ፕሪምየር ሊግ ዓወት ክትጎናጸፍ ዘበርከቶ ልዑል እጃም ኣብ 2004/05 ዝንኣሰ ተጻዋታይ ዋትፎርድ፣ ኣብ 2005/6 ጉብሉል ተጻዋታይ ፒኤፍኤ፣ ኣብ ሚያዝያ፣ መስከረምን ታሕሳስን 2008 ብወርሓ ኮኾብ ጋንታ ፒኤፍኤ ፕሪምየር ሊግ፣ ኣብ 2008/9 ናይ'ቲ ዓመት ዝንኣሰ ብሉጽ ተጻዋታይ እናተሰምየ ሽልማት፣ ክብርን ዝናን ዝደለበ፣ ብሕጂ'ውን ብሩህ መጻኢን ርሑብ ዕድላትን ዝጸበዮ ዘሎ ሓደ ካብ ብሉጻት ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ'ዩ።

ያንግ፣ ኣብ 2008 ምስ ዋትፎርድ ምጽዋት ዝጀመረ ልዊስ ዝስሙን ኣብ 2009 ኣብ ስፖርታዊ ኣካዳሚ ኣርሰናል ስልጠና ዝወሰደ ቃያል ዝበሎምን ከምኡ ሃርም ተጻወትቲ ኩዕሶ እግሪ ምንኣሱ ኣሕዋት ኣለዉዎ።





# ሰንበት ምስ ቆልዑ



ሰናይ ዮናስ

# ወግዒ ኣቦይ ያሲን



ፍቱዋት ደቀይ ከመይ ቀኒኹም? ሎም ቅነ ፍሱህ ቅንያት ከም ዘሕለፍኩም ተረዲኡ። ገለ ምስ ወለድኹም ገለ ምስ ኣዕሩኽትኹም ናብ ፈስቲቫል ክትውሕዙ ቀኒኹም። ዝሓለፈ ሰሙን ትርጉም ፈስቲቫል ነጊረኩም ነይረ፡ ትዝክሩዎ'ዶ? ኣይዋ ፈስቲቫል መግለጺ ታሪኽና ባህልናን መንነትናን'ዩ ኢለኩም ነይረ፡ ታሪኽና ዘኹርዕ ፡ ባህልና ሃብታም መንነትና ከኣ ዘሐብን'ዩ፡ ታሪኽና ታሪኽ ገድሊ ጀግንነትን ተወፋይነትን'ዩ፡ ብፍላይ ናይ ሰላሳ ዓመት ገድሊ ዘክሩ፡ ምእንቲ ናጽነት ዝተኸፍለ ዋጋ ቀሊል ኣይኮነን፡ እቲ ዋጋ ብዓቢኡ ህይወት'ዩ፡ ምእንቲ እዚ እንተንፍሶ ዘሎና ናይ ናጽነት ኣየር ጀጋኑና ተቓሊሶም ኣብ በረኻ ከርተት ኢሎም። ንኹሉ ሕሰም ጸይሮም። ኣብ መወዳእታ ከኣ ህይወቶም በጃና ከፊሎም። ካብ'ዚ ዝዓቢ ዘሐብን ታሪኽ የለን። ባህልና ሃብታም ፍቕሪ ሓድሕድ ዝንጸባረቐ፡ መንነትና ከኣ ንኹልንትናና ዝጥርንፍ'ዩ።

ፍቱዋት ደቀይ ኤርትራ ከመይ ከም እትመስል ታሪኻ ባህላ ማሕበርኣ ህዝቡ፡ ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ኣብ ኤክስፖ 'ዶ ጸኒሐኩም? ኣይዋ! ባህላ ክበሃል ከሎ ነፍሲ ወከፍ ብሄር ናይ ገዛእ ርእሱ ክብሪ ዘለዎ'ዩ፡ እቲ ክብርታት ዝበሃል ከኣ ኣብኡ'ዩ ዝጥርነፍ። ተፈጥሮኣዊ ጸጋታታ ክበሃል ከሎ ኅብታት ሰናጭሮ ኣግራብ ማዕድናት ውሓይዝ ወዘተ ዘመልክት'ዩ፡ ፈስቲቫል እምበኣር ንምዝንጋዕ ጥራይ ዘይኮነ እቲ ዓቢ ቁምነገሩ እዚ ዝጠቐስኩልኩም'ዩ።

ከይርስዓልኩም'ባ እዚ ዓመት መጸ ፈስቲቫል ዝግበረሉ ኤክስፖ ኣብ እዋን መግዛእቲ እንታይ ከም ዝነበረ ሓደ ሓደ ቆልዑ እንተዘይኮይኑ ብዙሓት ዘይፈልጡ ረኺበ፡ ሓቃቶም'ዮም ተገዲሱ ዝዓገሮም ኣይረኸቡን። ብዙሓት ዝሓተትኩዎም ገለ ብግምት ገለ ከምኡ መሰሉዎም ዝተፈላለየ ምሳሽ ሂቦሙኒ፡ ብሓጺሩ ግን ፍቱዋት ደቀይ ኤክስፖ ኣብ እዋን መግዛእቲ ኤርትራውያን ዝእሰሩሉን ዝሳቐዩሉን ዝነበሩ ቦታ'ዩ። ናጽነት ጥዑም ግን ናብ ፍቕሪ ሰዒት ሕውነት ሓድነት ሓጎስ ፍስሃ ዝዓስለሉ ቦታ ተቐይሩ። እዚ ታሪኽ'ዚ ኣይትረስዑዎ ሓደራ። ኣጋጣሚ ንፈስቲቫል ክበጽሕ ዝመጸእ ወጻእተኛ ብዘዕባ ኤክስፖ እንተሓተተኩምሲ ኣብ ክንዲ ኣፍልብኹም ነፊሕኩም ብኹርዓት ትምልሱሉ ርእሰኹም እናሓኸኽኩም ድንን ክትብሉስ ዓጉብ'ዩ'ዞም ደቀይ፡ ታሪኽካ ዘይምፍላጥ'ኮ እቲ ዝዓበየ ጸገም ምኳኑ ኣይትሰሉትዎ።

ኣብ መወዳእታ ሓደ ነገር ተላቢዎኩም ነይረ፡ ኑቶም ንኤክስፖ ሐዚምኹም ዝመጹ ወለድኹም "እዚኣ ግዝኣለይ" "እዚኣ ግዝእለይ "እናበልኩም ኣብ ዘይሓሰቡዎ መደብ ክኣትዉ ኣይተገድዱዎም ኢለኩም ነይረ፡ ሓደ ሓደ ግን ከምኡ ዝኑብሩ ርእየ፡ ዝበዝሑ ንወለዶም ስለ ዝሓልዩሎም ካብ ፍቓድ ወለዶም ኣይወጹን፡ እዚ ነገር'ዚ ኣብ ፈስቲቫል ጥራይ ዘይኮነ ብቑንዱ ኣብ ብዓላት'ውን ዘጋጥም'ዩ፡ ፍቱዋት ደቀይ ሓልዩት ኣብ'ዚ ዘለኹም ዕድመ'ዩ ዝጅምር፡ ብንእሽቶኻ እተጥርዮ ባህሪ'ዩ ንመዋእል ምሳኻ ዝጓዓዝ'ሞ ሃየ ድኣ ኣተኩሩሉ እብለኩም ኣቦኹም ያሲን'የ ድሓን ቀንዩ።







# ብዚሓት ኣዛምዱ

| | |
|---|---|
| 1. መዓልቲን ከልቢን | ሀ. ሳዕ'ዶ ኣይቀርብን |
| 2.ካብ ጉይይ ምውዓል | ለ. ንፈሓራኣ |
| 3. ካብ ሳዕ በሎ | ሐ. ዘይተወቕረ ኣየጥሕን |
| 4. ሃቢ | መ. ሰብዓ ዓመት ይድንቁሩ |
| 5. ኣብ ዘይኩርምቲኻ | ሰ. ከይጸዋዕዮም ይመጹ |
| 6. ዘይርኣ ዘይርኣ ናብ ቤት | ረ. ክሳድ ምሓዝ |
| 7. ሸውዓተ ዓመት ከይመሃሩ | ሸ. ሑጻ ቆርጥመሉ |
| 8. ዘይተማህረ ኣየድሕን | ቀ. ኒይርኣ ኒይርኣ ናብ መሬት |
| 9. እንተዘይትደፍኣኒ | በ. ህበይ ይጉበር |
| 10. ጉድጓድ | ተ. መን መጽደፈኒ |

## ካብ ሓንቲ ቃል ካልእ ቃል ርኸቡ

ኣብነት፦ *ማሰለ
- ሰለመ
* ጸረገ
-?
*ረአየ
-?
*ኀደአ
-?
*ረዓደ
?
*ቀለተ
- ?

መልሲ ከም ሎሚ።

# ሌላ ምስ ሩብሮም



ሰና መትሓን ሞገስ ትብሃል። ሰና ጓል 10 ዓመት ኮይና ሓንቲ ካብ'ቶም ብጠባዮምን ትምህርቶምን ንኣዳት ተማሃሮ መጫኢታ ቤት ትምህርቲ ሳሊና'ያ። ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሓምሻይ ካብ ክፍሊን ዩኒትን ቀዳመይቲ እናወጸኣት'ያ ትምህርታ እትከታተል።

ሰና ሓሙሽተ ናይ ሽልማት ምስክር ወረቐት ኣለዋ። ኣብ'ዛ ብልዑል ነጥቢ ናብ ሻዱሻይ ክፍሊ ዝተሰጋገረትላ ምስክር ወረቐት ከምዚ ዝብል ናይ መምህር ለበዋ ደርኩብ "እዛ ተማሃሪት ብጠባያ ኮነ ትምህርታ ዝተመስገነት'ያ። ንመጻኢ በዚ ሒዛቶ ዘላ ክትቅጽል ናይ ወለዲ ምኽሪን ሓገዝን ኣይፈልያ"።

ሰና ኣብ ትምህርቲ ዕውትቲ ክትከውን ዝኸኣለትሉ ምኽንያት ጠቕሚ ትምህርቲ ተረዲኣ ብመደብ ስለ እተጽንዕ፡ ዕዮ ገዛ ኣብ እዋኑ ስለ እትሰርሕ፡ ዘይተረድኣ ስለ እትሓትት፡ ኣብ ክፍሊ ንዝወሃብ ትምህርቲ ብጽሞና ስለ እትከታተልን ስለ ዘይተብኩርን'ያ። ሰና ትግርኛ እንግሊዝኛ ቁጽሪ ሱ-ፍልጠት ማሕበራዊ ትምህርቲ ስእሊን ኣካላዊ ትምህርቲን'ያ ክትመሃር ሓጊያ። ንኹለን ዓይነት ትምርህቲ ከኣ ብማዕቡእ ተኸታቲላን ኣበርቲዓ ኣጽኒዓን'ያ።

ሰና ናይ ክረምቲ ግዜኣ ኣብ ጸወታ ጥራይ ከተሕልፎ ኣይመረጸትን። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓርበኛታት እንግሊዝኛን ቁጽርን ትመሃር ኣላ። ናይ ቋንቋ እንግሊዝኛ ፍልጠታ ንኸተሰፍሕ ድማ ብእንግሊዝኛ ዝተጻሕፈ ሓጸርቲ ዛንታታት ተንብብ፡ ብቛንቋ ትግርኛ ዝተጻሕፉ መጻሕፍቲ'ውን ከም እተንብብ ኣዕሊላትና። ብዘይካ'ዚ ሰና ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንዝወጽእ ዓምዲታት "ተርመማን" " ሰንበት ምስ ቆልዑን" ብዘይምቁራጽ'ያ እተንብብ፡ ካብ'ቲ ዓምዲታት "ኣዛምዱ" "ፍልልያት ርኸቡ" ዝብልን ዛንታታትን ጽውጽዋያትን ከም እትፈቱ ኣዕሊላትና።

ፍቱዋት ቆልዑ ሓደ ተማሃራይ ንፉዕ ዝኸውን ፍሉይ ወይ ብሉጽ ኣእምሮ ስለ ዘለዎ ኣይኮነን። ጠቕሚ ትምህርቲ ተረዲኡ ትምህርቱ ብማዕቡእ ምስ ዝከታተል ጥራይ'ዩ፡ ዘጽንዓሉ ሰዓታት ዝፈሊ፡ ዘዩብኩር፡ ዘይተረድኦ ዝሓትት ፡ ዕዮ ገዛ ኣብ ግዜኡ ዝሰርሕ ፡ ንትምህርቱ ዝሕግዞ መጻሕፍቲ ዘንብብ ተማሃራይ ፡ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ትምህርቲ ምሕላፍ ጥራይ ዘይኮነ ብልጫ ካብ ምውሳድ'ውን ዝዓግቶን ዝዕንቅፎን ከምዘየለ ተገንዘቡ።